# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.267 | ሰንበት 7 ሓምለ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ኣብ ጉዕዞ ትምህርተይ ዝተመሃርኩዎ...



ገጽ 3 — ኣነ ክነግረካ ፍሉይ ኢኻ!




ገጽ 4 — ጀምስ ሚስኤል ዊስትለር



ገጽ 5 — ካብ፡ክሳብ



ገጽ 7 — ቢኒ ደጊሙ ቅያ ሰሪሑ




# ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ዳግማይ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ




ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ሻሙናይ መድረኽ ቱር ዲ ፍራንስ ቀዳማይ ብምውጻእ፡ ንኻልኣይ ግዜኡ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ።

ኣባል ብልጅማዊት ክሉብ ኢንተርማርሼ-ዋንቲ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ'ዚ 183.4 ኪሎሜተር ዝሸፈነ መድረኽ፡ ንሓያላት ተቐዳደምቲ ዓለም ጃስፐር ፊሊፕሰንን ኣንኖድ ዲ ሊን ረቲዑ'ዩ ዚ ታሪኻዊ ዓወት በቒዑ ዘሎ።

ኣብቲ ንሓሰን ዝፍብን ኣብ ዝዓበለሎ ጽንከር ኩነታት ኣየር ዝተኻየደ ውድድር፡ ቢንያም፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ሰዓት 56.7 ኪሎሜተር እናተሓንበበ'ዩ ንኹሎም ተቐዳደምቲ ብለጹ ናይ መወዳእታ መስመር ረጊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሻሙናይ መድረኽ መበል 111 ቱር ዲ ፍራንስ ክልተ ናይ ነጥቢ ቅጽበታዊ ውድድር ስለዝነበሮ፡ ቢንያም ኣብ ሰዓት 72.4 ኪሎ ሜተር እናረገጸ 17 ነጥቢ ክወስድ ከሎ፡ ኣብ መወዳእታ ብዘመዝገቦ ዓወት ከኣ 50 ነጥቢ ክሓፍስ ክኢሉ ኣሎ።

በዚ ከኣ፡ ኣብ 8 መድረኻት ብዘኣከቦ 216 ነጥቢ፡ ኒታ ካብ 5ይ መድረኽ ኣትሒዙ ወድዩዋ ዘሎ ቀጠልያ ማልያ ክዕቅባ ከሎ፡ ዝሓለፈ ዓመት ነዛ ማልያ ዝወሰዳ ጃስፐር ፊልፕሰን ከኣ 88 ነጥቢ ድሒሩ ብ128 ነጥቢ ደሰዕቦ ኣሎ።

ተቐዳዳማይ ቢንያም፡ ብሳልሳይ ኣብ ሳልሳይ መደረኽ ናይዚ ውድድሮውን ናይ መድረኽ ዓወት ብምምዝጋቡ፡ ኣብ ታሪኽ ናይዚ ውድድር ንፈለማ ግዜ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ጸለም ኣፍሪቃዊ ዝብል ክብሪ ከም ዝረኸበ ኣይርሳዕን።

ቱር ዲ ፍራንስ 2024፡ ክሳብ ሕጂ ኣካዪድዎም ካብ ዘሎ 8 መድረኻት፡ እቲ ኣርባዕተ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር መድረኻት እዩ፡ ቢንያም ከኣ ካብ'ዚ ኣርባዕተ መድረኻት ክልተ ግዜ ቀዳማይ፡ ሓንሳብ ካልኣይ፡ ሓንሳብ ድማ ታሽዓይ ተርታ ብምሓዙ፡ ሕልፈ ኩሎም ተቐዳደምቲ ጸብለል ክብል ብምኽኣሉ፡ ልዑል ኣደናቕት ረኺቡ ኣሎ።

ታሽዓይ መድረኽ ቱር ዲ ፍራንስ፡ ሎሚ ሰንበት ዓቐብ ብዘለዎ መድረኽ ድሕሪ ምቕጻሉ፡ ሰኑይ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ ክህልዎ እዩ።

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣብ ጉዕዞ ትምህርተይ ዝተመሃርኩዎ... (3)

*ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ኮርናዕ ተመሃሮ፡ ኣብ ጉዕዞ ትምህርትኹም ብፍሉይ “እዚ ተማሂረ” ትብሉዎ ህይወት፡ ፍልጠት፡ ንቕሓት፡ ፍልስፍና፡ ወዘተ. ስሕት ኢልና ካባኹም ናባኹም ነቕርብ ኔርናን ኣለናን። ኣብ ጉዕዞ ትምህርትና፡ ይንኣስ ይዕበ፡ ክንዛረበሎም እንኽእል ሓያለ ዝተማህርናሎም ነጥብታት ወይ ጉዳያት ክህልው ንቡር እዩ። ብመገዲ እዛ ዓምዲ ተመኩሮኹምን ፍልጠትኩምን ከም ቀደምኩም ከተካፍሉና ዕድመና’ዩ። ንሎሚ’ውን፡ ንገለ ካብ ኣንበብቲ ዝተላእኸልና ተመኩሮታት ከነቕርብ ኢና።*

### ዝርካበን ፍልጠተይን ንቕሓተይን ካብ መጽሓፍቲ’የ ረኺበየን

ኣብ ጉዕዞ 12 ዓመታት ትምህርተይ፡ ከም ሑጻ ባሕሪ ዝምብዝሑ ዝተመኩርኩ ኹይኑ ይስመዓኒ። ካብታ ዕድመይ ኣኺሉ መውዓሊ ህጻናት ዝጀመርኩላ፡ ናብ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይ ደረጃን .... እናበልኩ ዝሓለፍኩወን ናይ ምህሮ እዋናት፡ መምስደረጃኡ ዝዋሰብ ተምሳጥን ንቕሓትን ንኽዓጥቕ ብርግጽ ኣኽኢሉኒ። ግዜ እናኸሓልፍ፡ ይሕጸር ይንዋሕ፡ ምሂሩካ ዝሓልፍ ትምህርቲ ብዙሕ እዩ። ብዘይ ትምህርቲ ዝሓልፍ ግዜ የለን ክበሃል ይከኣል። ኣነ’ኳ በዛ ዓቕመይ ኣብ ጉዕዞይ ትምህርተይ ዝተማሃርኩዎ በብመድረኹ ከካፍል በቒዐ እንሃለኹ።



መውዓሊ ህጻናት፡ ካብ ገዛና ወጻኢ ካልእ ዝገፍሑን ፍሉይን፡ ምጭዋት ቆልዑ ዝርከቡዎ ዓለም ከም ዘሎ ዝፈለጥኩሉ እዩ። ደስ ዘብል ናጽነትን ግርህናን ዝዓብለሎ ጸወታን ዕንደራን ምስ መሳቶይ ዘስተማቐርኩሉ ፍሉይ ተመኩሮ እዩ።

መባእታ ደረጃ፡ ምስ ነፍሲ-ወከፍ ምውሳኽ ክፍሊ ዝመዓራረ ምድላብ ቀለምን ምስፋሕ ፍልጠትን ሂቡኒ ኢለ እሓስብ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓምሻይ ኣብ ዝርከብ ክፍልታት፤ ምፍላጥ መሰረታውያን ቀመራት፡ ሓሳባት ዝሓዘሉ ቀለማት፡ መባእታዊ ትምህርቲ ስነ-ፍልጠት፡ ህይወታውያንን ዘይህይውታውያን፡ ባህርያት ንፋሳት፡ ቅርጺ መሬትን ባሕሪታትን፡ ... ወዘተ.፣ ታሪኽ ሰባትን ዓለምን፣ ህቡባት ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ዳህሰስቲ ዓለምና...፣ ሄለን ከለር፡ ፈርዲናንድ ማጀላን፡ ማይክል ፈረዳይ፡ ማክሲም ጎርኪ፡ ... ወዘተ. ንጻዕሮምን ትዕግስቶምን ክፍለጥ እንክለኹ፡ ኣብ ህይወተይ ከም ኣብነት እናቘጸርኩዎም ዝፈጥሩለይ ድርኺት ቀሊል ኣይነበረን።

ማእከላይ ደረጃ፡ ኣብ መባእታ ደረጃ ብቛንቋ ኣደና ኢና እንምሃር። ነዚ ደረጃ ካብ ዝሰገርናሉ ጀሚርና ዘሎ ትምህርቲ ግን ብባዕዳዊ ቛንቋ ኢና ንምሃር። ዝበዝሐ ብቛንቋ እንግሊዝኛ እዩ ዝወሃብ። ካብ መባእታ ደረጃ ናብ ማእከላይ ደረጃ ክንሰግር እንከለና እምበኣር ወትሩ ዘይምቸኡነት ይስመዓና። ኣብ መባእታ ደረጃ እንከለና ንቛንቋ እንግሊዝኛ ጽቡቕ ገይርና ከም ቋንቋ ኣደና ክንመልኮ ኣይንኽልን ንኸውን ኢና። ግና ኣብ ገለ ደረጃ ዘየብጽሓና ግዲ ኹይኑ ንሸገር ኢና። እዚ ኣብዚ ደረጃ እነሕልፎ ቃልሲ ኸኣ ሓደ ተመኩሮ እዩ። እንግሊዝኛ ንምምላኽ ብዙሕ ክጽዕርን ንዘረባ መምህራነይ ጽን ኢለ ክሰምዕን ክኢለ። ንቘልዑ ዝኹኑ ናይ እንግሊዝኛ መጽሓፍትን ጋዜጣን ብምንባብ፣ ምስ ሰድራይን ኣጋይሽን ብቛንቋ እንግሊዝኛ ብምዝራብ ዓቕመይ ከዕቢ ክኢለ። ንእግረ-መገደይ ኣብ ገዛእ ርእሰይ ጥቡቕ ዝምድናን እምነትን ኣጥርየ። እዚ ኸኣ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት፡ ከም ናይ ንባብ ክለባት፡ ሕመረት፡ ሃምሰት፡ ምስትምቓር ዝተፈላለዩ ቅብኣታትን ካልኦት ጥበባትን፡ ወዘተ. ክሳተፍ ኣኽኢሉኒ።

ካልኣይ ደረጃ፡ ብሓፈሻዊ ኣጠማምታ ቀሩብ ፍልይ ዝበለ መድረኽ ኰይኑ ረኺበዮ። የግዳስ ጉዳይ ምህሮ ምስፋሕን ምዕማቑን ነቲ ኣቐዲምና ዝተማሃርናዮ ኹይኑ ረኺበዮ። እንተኹነ ግን እዚ መድረኽ ዝያዳ ጻዕርን ምስፋሕን ልቦናን ዝሓትት’ዩ ኢለ እሓስብ። ብተወሳኺ ማዕረ ክንደይ ትዕግስቲ ገይረ ንዝተወሰነ ሰዓታት ንኽጽንዕን ከንብብን ከም ዘሎኒ ንእግረ-መገደይ ዝፈለጥኩሉ’ዩ። ፈለማ ምስ ገዛእ ርእሰይ ምስ ሰድራይ፡ መሓዙተይ... ብሉጽ ዝምድና (ፍቕሪ) ዝመስረትኩሉ እዩ። ንምሳሌ ምስ መሓዙተይ ዘሎኒ ፍቕሪ ናይ ኣስታት ዓሰርተ ዓመታት ኰይኑ ብደስ ዘብልን እናተመላልእና ንጓዓዝ ኣለና።

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ከም ሰብ መጠን መምስ ኰነታት ዝመጽእ ብድሆታት የጋጥመኒ’ኳ እንተ ኸነ፡ ሓንሳብ’ውን ትኸኑ በቲ ዝተዓንቀፍኩዋ ብእኡ ገይረ ኣይሃድምን። እንታይ ደኣ በቲ ካብ ዝተፈላለየ ትምህርትን ኣጋጣሚታትን ዝተመኩርኩዎን ዝቐሰምኩዎ ምህሮን፡ ከምቲ ማክሲም ጎርኪ ዝበሎ “ኩሉ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ካብ መጽሓፍቲ’የ ረኺበዮ።” ኣነ’ውን እተን ዝርካበን ፍልጠተይን ንቕሓተይን ካብ መጽሓፍቲ’የ ረኺበየን። ብእኡ ገይረ እፈትሖን ኣፋኸሶን።

ዋሕዚ ትምህርቲ ግን ዘየቋርጽ ምንጪ ዝርገሐን እዩ ዘሎዎ። ኣነን ንስኻትኩምን ከኣ ካብ ማዕበሉ ንሰራሰር። ከም ገለ ንታሕቲ እንተ ሰጢምና ኣላሽ ኣይንበል፣ መመሊስና ነንሳፍፍ፣ ንበርትዕ። ሃየ በሉ ሰዓቡኒ ወይ ክስዕበኩም።

ስምረት እምሃ

### ነብስኻ ኽትኣምን ጽቡቕ

ኣብ ትምህርቲ ገለና ንፉዓት፡ ገለና ድሓን፡ ገለና ድማ ሕማኞት ኢና። ሓማቓት ምባል’ኳ ኣሉታዊ ኣጣማምታ ይመስል ይኸውን እዩ፣ ግን ድሓን “ኣይንግደስንን ኢና፡” ክንብላ ትሓይሽ ትኸውን። ምኽንያቱ ሰብ ብፍጥረቱ ንኽሓምቕ ዝተፈጥረ የለን። ኣብ ግዜ ትምህርትና ሓደ ካብቲ ሓደ እናተመላላእና ኢና ንኸይድ። ገለ ሰባት ኣብ ክፍሊ ጽቡቕ ዘይርድኦም ኣለው። ኣብታ ዝርካባ ግዜ ናብቲ ዝሓሸ ተመሃራይ እናኸዱ ክርድኡዎ ይፍትኑ። ኣብ ገለ እዋን ገለ ተመሃሮ ብዘይ ምቁራጽ እናመጽኡ ናትካ ግዜ ከም ዘይብልካ ዝገብሩኻ ኣለው። ንስኻ፡ “ክንዲ እቲ ተገዳስነቶም’ኳ ኣይከውንን፡” ኢልካ ሓሊኻ እናተሓጋገዝካ፡ ምሉእ ግዜኻ ክኮናተሩዎ እንክለው የዕንውኻ እዮም ዘለው።

ምትሕግጋዝ እቲ ቀዳማይ ብሉጽ ባህርና ክኸውን ኣሎዎ። “ምትሕግጋዝ ሕማኞ’ዩ፡” ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ኣነ ንባዕለይ መጻንዕቲ ጉጅለ ኣሎውኒ። እቲ ሓደ ዝፈልጦ ነቲ ዘይፈልጥ ይሕግዞ፣ እቲ ሓደ ኸኣ ነቲ ሓደ እናተመላላእና ንጓዓዝ ኣለና። ግና ኩሉ ብመደብ’ዩ ዝኸውን። ንኻልኦት ከተረድእ ብመደብ ክትሕዞ’ዩ ጽቡቕ። ብዙሕ ግዜ ከም ዝብሃል ክትምህር እንክለኻ ተመሊስካ ኢኻ ትምሃር ዘለኻ። እቲ ትምህሮ ዘለኻ ኣርእስቲ ወይ ዓውዲ ዘይርሳዕን ዘይሃስስን ጽቡቕ መሰረት ኢኻ ተንጽፈሉ ዘለኻ። ብግምጣሉ’ኮ ንባዕልኻ ኢኻ ትሕግዝ ዘለኻ። ግና ብመደብ ይኹን። ገለ ሰብ ከምቲ ንስኻ ትሓልዮ ክመልሰልካ ክትጽበ የብልካን።

ቢላል መሓመድ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS
THE USE OF A WRONG TENSE

VERBS OFTEN CONFUSED

Let for Make (= to force).

Don’t say: He let him write it fifty times.

Say: He made him write it fifty times.

“Let” cannot be used in the sense of “make”, meaning “to force.”

Source: COMMON MISTAKES IN ENGLISH

## ዳእላ ተመሃሮ

Student: *“Sorry Sir I’m late, it won’t happen again.”*

Teacher: *“Don’t worry son, at least you’re early for the next period.”*

***

Q: *Why did the student throw his watch out of the school window?*

A: *He wanted to see time fly.*

***

ሚሪ ማና

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ናይ ሰብ ዝኣዓበየ ጸጋኡ፡ ኣእምሮኡ ኣብ ሓደ ደው ዝብል ዘይምኳኑ’ዩ።”

- ኣይዛክ ኣሲሞቭ

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ




# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ኣነ ክነግረካ ፍሉይ ኢኻ!

ኣብ ጉዕዞ ህይወት መሳንይቲ እዮም። እዚ ዝኾኑሉ ድማ፡ ሓመድ ቀኈሒሞም ዝዓበዩ ደቂ ገዛውቲ ስለዘበሩ'ዩ። ጀምስን ቶማስን ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወቶም ተፈላልዮም ኣይፈልጡን። ኣብ ንሓድሕዶም ዘሎ ናይ ምትሕልላይን ምክብባርን መንፈስ'ውን እንተኾነ ኣዝዩ ዘቖንጅእ እዩ። ብፍላይ ጀምስ ኣብ ልዕሊ ዓርኩ ቶማስ ዘለዎ ኣረኣእያ መግለጺ ኣልቦ እዩ።


ጀምስ፡ እቲ ብፍሉይነቱ ዝፀማኮሓሉ ዓርኩ ብዘየግዶም ማሳጥቲ ኩርናዕ ሓሳባት ምስ ተገረመን ምስ ተደነቐን እዩ። በዚ ድማ ኣብ ዘዘተራኽብሉ ግዜ ብዛዕባ ፍሉይ ተውህቦኡ ካብ ምግላጽ ይቖጠብ ኣይነበረን። እንተ ቶማስ ግና፡ ብመግለጺ ጀምስ ብዙሕ ከምዘይግደስ ብዘርኢ መንፈስ ክምልሰሉ ይፍትን ነበረ።

ኣብ ከምዚ ሃዋህው ድማ'የም ብዛዕባ ፍሉይነት ኣልዒሎም ሓሳቦም ከፍስሱ ዝጀመሩ። ገለ ካብ ትሕዝቶ'ቲ ዕላሎም፡ "ቶማስ፡ ንስኻ ከም'ቶም ኣነ ብዙተፈላለየ ምኽንያት ዝተላለኽዎም ዓይነት ሰባት ዘይምኳንካ እዩ ዝነግረካ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ህይወት ንዘኽሰት ኩሉ መደያዊ ንጥፈታት ንምስልሳል ኣብ ዝግበር ምንቅስቓሳት ወትሩ ኣብ ብዙሓት ዝርእዮ ተመሳሳሊ ባህሪ ኣሎ። ንኣብነት፡ መፍትሒ ክረኽብ ኣብ ዘጠቕዓዎ ሓደ ዛዕባ፡ ብዙሓት ሰባት ፍሉይነት ብዘይብሉ ኣገባብ ሓሳባት ከውርዱን ከደየቡን እየ ዘስተብህል። ካብዚኦም ፍልይ ኢለ ኑቲ ሓሳብ ናጥኻ ኣብ ዘቕርበሉ ግና፡ ፍጹም ጉሚቱዮ ብዘይፈልጥ ኩነት ክትንትኖን ክትገልጾን እዝክር። ዝሰማዒ ጦብላሕታ ክገልጽ ቃላት እዩ ዝሓጽረኒ። እዚ ድማ ምስ ካልኦት ሰባት ንዘለካ ፍሉይነት ዘንጸብርቕ ምልክታት ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ብሓፈሻ፡ በዚን ካልእን ንጥፈታትካ 'ፍሉይ ኢኻ' ክብለካ ከለኹ፡ ካብ ክውንነት ዝረሓቐኩ ኣይምሰልካ" ድሕሪ ምባል፡ ነዊሕ ተዛሪቡ ከምዝደኸመ ብዘርኢ መንፈስ 'ኡፍ' በለ።

ቶማስ ድሕሪ'ዚ ዝርዝራዊ ትንተና ግደኡ ከም ዘኣኸለ ስለ ዝተሰወጦ፡ "ጀምስ ዓርከይ ኣብዚ ዓለም ተመሳሳሊን ሓደን ዝበሃል ነገር የለን። ንፍሲ-ወከፍ ፍጡር ርእሱ ዝኸኣለ ፍሉይነት ኣለዎ። እቲ እንኮ ጸገም ፍሉይነትና ዘይምስትብሃል ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። እዛ ምድሪ ካብ እትፍጠር ክሳብ'ዚ ሕጂ ንዓኻ ዝመስል ሓደ እኳ የለን። ከም ናትካ ባህሪ ድሌት፡ ዕላማ፡ ክእለትን ኣዕሩኽን ከምቲ ንስኻ ትደልዮን ትዓግበሉን ገይሩ ንህይወት ሓንሳብን ኣሕሪኡን ዘስተማቕራ ወይ ዝኡብራ ሰብ ከም ዘየለ ምስትብሃል ከድልየካ እዩ።

እዚ፡ ምናልባት ኣካቢደካ ክረኣ ይኽእል ይኾውን። ርሑቕ ከይከድና፡ ኣብ ቅዱ ኣፀቓቒላ ጸጉሪ ርእስኻ፡ ኣሰር ኣጻብዕቲ ኣእዳውካ፡ ኣብ ወሽጥኻ ዓቕርነዮ ዘለኻ ምስጢራት፡ ኣብ ምምራሕክን ምእላይን ስድራኻ ተሰኪምካዮ ዘለኻ ሓላፍነት፡ ብልክዕ ንዓኻ ክመስል ዝኽእል ሰብ ፍጹም ክትረኽብ ኣይክኣልን እዩ። እዚ ከኣ ንፍሉይነትካ ዘርኢ ኣብነት እዩ። ብዙሓት ሰባት፡ ንሓደ ነገር በቲ ልሙድን ኩሉ ዝመልኮን ኣገባብ ክትዓም ዘይምኽኣልካ ክስሕቑኻን ክዋጮወልካን ይኽእሉ እዮም። እንተ ንስኻ ግና፡ ጉዕዞኻ ኣይተቋርጽ። ምኽንያቱ፡ መቐረት እዛ ዓለም ኣብ ፍልልያትና እምበር ኣብቲ ዘመሳስለና ስለ ዘይርከብ። ከምኻ ገይሩ ዝገብር ብፍጹም ልቢ ከፍቅር ዝኽእል፡ ከምኻ ገይሩ ንድሌታቱ ዋጋ ዝኸፍል፡ ድሌታቱ ንምርካብ ዝቃለስ ከምኡ'ውን ዕላማኡ ንኽሰምር ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኡ ቀሪቡ ሓሳብ ናይ ልቡ ዘፍስስ ሰብ ሓደ'ኳ ኣይክህሉን እዩ። በዚ ኢልካ በቲ ንዓኻ ዝመስል ኣብዚ ዓለም ተፈጢሩ ኣይፈልጥን። ብሕጂ'ውን ኣይክፍጠርን እዩ። ንስኻ ካብ በልያናት ሰባት ፍሉይነት ዘለካ ምዃንካ ኣስተውዕል! በዚ መገጽር ከኣ ብኩለንትናኻ ፍሉይ ምዃንካ ዘይተርፍ ክውንነት ይገብር።

ንፍሉይነትካ ተጠቒምሉ እምበር ንኻልኦት ክትመስል ኣይትሃቐን። ንፍስኻ እምበር ንኻልኦት ክትመስል ፍጹም ኣይክኣልን እዩ። ብኹለንትናኻ




ንእትደልዮ ሰብ ክትመስል ምፍታን፡ ክንዮ ንፍስኻ ከም ዘይተፈጠርካ ንኽተረድኣ ኢልካ እትወስዶ ስጉምቲ ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ከም ዘይክኣል ተገንዘብ።

ንሰባት ክትመስል ክትብል ፍጹም ኣይተፈጠርኩን ዝብል ርድኢት ሒዝካ ክትኣምንን ክትምጉትን እንተ ፈቲንካ፡ ኣብ ዓለም ሓደ ዓቢ ሃንፍ ትፈጥር ከም ዘለኻ ተረዳእ። ኣብ ታሪኽ ስነ ፍጥረት፡ ንስኻ ከም ዝተፈጠርካ እምበር ኣይነበርኩን ወይ ኣይተፈጠርኩን ዝብል ሰድ ጉዳይካ ትኸይድ ምህላውካ ኣስተብህል። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ንፍስኻ ዘይትንካስ ነቲ ዝፈጠረካ ፈጣሪ፡ ንስድራኻን ንሕብረተ-ሰብካን ምኽሓድ ምዃኑ ዘክር። እዚ ማለት፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ምድሪ/ዓለም ዝነበረን ዝተፈጥረን ክንእሱ፡ ንኻልኦት ክመስል ኢሉ ፍጹም ዝጠፍአ ሰብ ከም ዘሎ ተረድእ ምህላውካ ፍለጥ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም፡ እቲ ከምዚ ዝገበረ ሰብ፡ ንስኻ ምዃንካ እዩ። ስለዚ፡ ንስኻ ካብ'ዛ ዓለም ዝረኣዩዎም ፍጡራት ፍሉይ ምዃንካ ዝነግረካ ሰብ ኢኻ ትደሊ. ዘለኻ'ሞ፡ ኣነ ክነግረካ ንስኻ ፍሉይ ኢኻ" ክብል ዓርኩ ኣብ ፍሉይነት ሰባት ዘለዎ ኣረኣእያ ንኽሰፍሕ ተንቲኑ ኣብርሃሉ።

## ነገረ ፋል!!

ሓደ ፈታዊኻ ብዛዕባ ሓደ ዘሻገረካ ጉዳይ እናኣዕለልካ እንከሎ፡ "ብዙሕ ጥራይ ኣይትጨነቕ። ከምዚ ክኸውን እዩ። ከምዚ'ውን ክትጉብርን ክትረኽብን ኢኻ" እናበለ ምስ ዘዛረበ፡ እሞ ኸኣ ኣይቅድም ኣይድሕር እቲ ዝበለካ ብልክዕ ኪጋጥምን ክውንኡ፡ ብዓይንኻ ክትርእዮን ምስ እትጀምር፡ "እንታይ ዝበልዎ ትምግርቲ ደኣሉ" ካብ ምባል ሓሊፍካ ካልእ ትውሰኾ ዘረባ ክንደየናይ ከይህሉ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ፋል ምትእስሳር ክህልዎ ከም ዝኽእል'ውን ንምምጉቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ፋል፡ ንጸቡቕን ንሕማቕን ፍጻመታት መጻኢ ዝገልጽ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ፈጺምካ ዘይትሓስቦም ነገራት ክውንኡዮም ኣብ ባይታ ክትርእዮ ከለኻ ዚጋጥም ተርእዮ እዩ ተባሂሉ ይግለጽ እዩ።

ሓደ ሓደ ሰባት፡ እንተስ ብጠርሆም እንተስ ገለ ተረኽዩዎም፡ ብዛዕባ ኣቐዲሙ ኪጋጥም ዝኽእል ነገር ናይ ምትንባህን ብልክዕነት ናይ ምምጓትን ተውህቦ ኣለዎም። ህያው ኣብነት ናይዚ ብዚል ድማ፡ ኣብ 1959 ዘጋጠመ ፍጻመ እዩ።

ዋይሎን ጀኒ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ እዋን ሓደ ካብ'ቶም ብመዚቃዊ ስርሓቶም ብቕዳምነት ዝጽውዑ ዝነበሩ ስነ-ጥበበኛታት እዩ። በዚ መሰረት፡ ብጉጅለ ስነ-ጥበበኛታት ባድይ ሆለስ ርክ ድሕሪ ዝቐረበሉ ጠለብ ድማ'ዩ ምስኦም ክጽንበር ዝኸኣለ።

ድሕሪ'ዚ፡ እዚም ጉጅለ ስነ-ጥበበኛታት ኣብ ዝቐጸለ መዚቃዊ ንጥፈታቶም፡ ክጸ'ቲ ዝቐመጥሉ ከባቢ እናተንቀሳቐሱ ምርኢት ኣብ ምቕራብን እቶቶም ኣብ ምኽዕባትን ክሰጥፉ ተራእዩ። ብ3 ለካቲት 1959 መዚቃዊ ስርሓቶም ኣጻፊፎም ናብ ቤቶም ዝምለሱ ዝነበሩ ጉጅለ ጥንድ ባድያስ ሆሊ ርክ ግና፡ ኣብ መንገኦም ሓደ ከሰማምዖም ዘይክኣለ ዛዕባ እዩ ተፈጢሩ። ንሱ ከኣ፡ እቲ ዝወሰድዎ ዓይነት መጓዓዝያ ገለ




ብምድሪ ክኸውን ክጠልቡ ከለው፡ ገለ ድማ ብኣየር ክኸውን ሓቲቶም። በቲ ዓብላሊ ድምጺ ክኸዱ ከም ዘለዎም ድሕሪ ምውሳኖም ድማ፡ እቲ ምርጫ ብኣየር ንኽጉዓዙ ተሓርዩ። ኣብ ከምዚ ሃዋህው፡ ዋይሎን ጀኒ ኣብ ኂ መሳርሕቱ ጂፒ፡ ሪቻርድሰንን እቲ ብ "ቢግቦፐር" ዝብል ቅጽል ዝጽዋዕ ኣከን መንበሩ ኣጣጢሑ ጉዕዞ ፈለመ።

ብመሰረት እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ፡ እታ ንጉጅለ መዚቀኛታት ባዩድ ሆለስ ጫክ ዝሓዘት ነፋሪት፡ ጠንቁ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ወዲቓ ተሓምሺሻ። ብሳዕቤን ናይ'ዚ ድማ፡ ሆሊ፡ ሪቻርድሰንን ቫለንስን ዝተባህሉ ካልኦት ኣባላትን ብኡ ንብኡ ሞቱ። ምስ ምውዳቕ እዛ ነፋሪት ዝተኣሳሰር እቲ ኣዝዩ ዘገርም ኢጋጣሚ እምበኣር ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

ስነ ጥበበኛ ዋይሎን ኣቐዲሙ ምስ'ቶም ኣብ ኈኡ ብምዃን ዝጉዓዙ ዝነበሩ መሳርሕቱ ዝተዛረቦ ዳእላ ሕማቕ ፋል ናይ'ዚ ትራጀዲያዊ ፍጻመ ከምዝኾነ እዩ ዝሕበር። እቲ መበገሲ ዘረባ፡ ንሶም ብምድሪ ክጉዓዙ ጠለብ ዘቕረቡ እሞ ብድምጺ ዝተሳዕሩ ወገናት ዝኾኑ ዳእላ እዩ። ሪቻርድሰን ናብ ዋይሎን ብምቕራብ፡ "ተሰፋ እጉብር እታ ቅርስስቲ ተኣልን ኣውቶብስኩም ኣብቲ ብቑርን ኣስሓይታን ወዲኡና ዘቖጸ ቦታ ኣብ ዳጉማይ ምምላስና መኺኻ ክትጸንሓካ" ክብል እዩ ዕላል ጀሚሩሉ። እንተ ዋይሎን ግና፡ ንፋልን ክውንነቱን ግዲ ዘንገዖ ኮይኑ፡ ኑታ ንኡበሱ'ውን ኣሳፊራ ዝነበረት ነፋሪት ዝለከመ ዘረባ እዩ ፈንዩሉ። ዋይሎን ከምዝተሰዕረ ብምእማን ክኽመስምስ እናፈተነ፡ "ተሰፋ'ባ ደኣ እጉብር እታ ተሳፊርካላ ዘለኻ ነፋሪት ሕምሽሽ ክትብል!" ኢሉ ድሕሪ ምምላሱ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደት ካልኢታት እቲ ሓደጋ ከምዝተፀበ ይነገር። ወይ ፋል ዝበልኹምሲ. . .!!

ኩነታት ይሕመቕ ይጸብቐ ብዘየገድስ ወትሩ ንጥቀመሎም ቃላት እወታውያን ክኾኑ ይምረጽ። እንተዘይ ኮይኑ ግና፡ ብጠርህና እነውጽኦም ቃላት ከም ዕጫ'ዞም ጉጅለ መዚቀኛታት ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ጥንቃቐ ክንገብር ይግባእ።

## ምስላ ንደለይቲ ልቦና

ሰብ ኣይትእመኑ ዕቡድ እዩ ዘመኑ።

ሰብ ኣይፈሪ'ዩን በደል ከብቲ ኣይፈርዩን ገደል።

ሰብ ከም ነፍሱ፡ ዓውዲ ከም ንፋሱ።

ሰብ ዝኑብር ከም ቤቱ እምበር፡ ኣይኮነን ከም ጎረቤቱ።

ንሱ'ዩም ቁልዐ፡ ኣንሱ'ዩም መራዕ፡ ንዓኣተን እንተ ረኣዩ ዝስሕቁ ኩናት እንተ ረኣዩ ዝኑበዉ።

ኣያ ስመራ ወዮ ግራትካ ሰብ ገበረ።

ሰብካ እንተ ዝኾነልካ ተመካሪ መጥሓንካ እንተ ዝኮነልካ ተወቃሪ።

## ንፍሽኽታ

ሓደ መምህር፡ ኑቶም ዝምህሮም ናይ ቀዳማይ ክፍሊ ተመሃሮኡ፡ ገበናዊ ኣስተምህሮ ንኽህቦም ንብምሉኦም ጠርኒፉ ናብ መደበር ፖሊስ ሒዝዎም ተበገሰ። ኣብ ካሽሎ ናይ'ቲ መደበር ፖሊስ ምስ በጽሑ ከኣ፡ ሓደ ብገበን ዝድለ ናይ ዝበረ ሰብ ስእሊ ተጠቂዑ ጸንሖም። ኑቲ ስእሊ ደጋጊሙ ዝተዓዘበ ሓደ ካብ'ቶም ተመሃሮ ናብቲ ስእሊ እናኣመልከተ፡ "እዚ ሰብኣይ ክትሕዝዎ ኣይክኣልኩምን ማለት ዲዩ?" ክብል ሓተተ። እቲ ዝተሓተተ ፖሊስ ድማ "እዚ ቁልዓስ ገለ ዝፈልጦ ደኾን ሃሊዩዎ ኮይኑ. . . " ኢሉ ብምሕሳብ፡ ብተገዳስነት "እወ" ክብል መለሰሉ። ወዮ ተመሃራይ፡ "እሞ'ንታይ ደኣ'ሞ ክትሰእልዎ እንከለኹም ዘይሓዝኩሞ?" በሎ ይበሃል።

## ሕቶ ሰደኩ

ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ካብ ሓደ ክሳብ ትሽዓተ ዘለዉ ቀጽሪታት ንጋድም፡ ንትሕልን ሰያፍን ከይተደገሙ ይምልኡ። ብዘወሰኸ፡ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ትርብዒት ሳንዱቕ ዝድገም ቁጽሪ ክህሉ የብሉን።

**ኣዳላዊ፡ ሰለሞን ተኽለማርያም (ራጂ)**

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | | | 5 | 4 | | | 6 |
| | 3 | | 7 | 6 | | | | |
| 2 | | | | | | 6 | | 7 |
| | 5 | | 8 | 1 | | | | |
| | 8 | | | | | 3 | | 5 |
| 9 | | | | 4 | 7 | | | |
| | | | | | | | | 4 |
| | 1 | | | 7 | | 8 | | |
| | | | 9 | | 5 | | | 6 |

# ካብዝን ካብትን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ጀምስ ሚሰኤል ዌስትለር



ጀምስ ሚሰኤል ዌስትለር ኣብ 1834 ኣብ ኣመሪካ ዝተወልደ ኣብ ቅብኣ 'ኣብስትራክት' ዓቢ ታሪኽ ዘትረፈ ሰብ እዩ። 'ኣብስትራክት' ዝብል ቃል ብቛንቋ እንግሊዝ ረቂቕ ወይ ድማ ዘይጭበጥ ማለት'ዩ። ቅብኣ ኣብስትራክት ድማ ካብኡ ዝወጽአ ስም'ዩ ተዋሂብዎ። ቅብኣ ኣብስትራክት ወይ ረቂቕ ቅብኣ ኣብ ማብል 19 ዘመን እዩ ብሰፊሑ ኣብ ኤውሮጳ ብፍላይ ከኣ ኣብዞን ቅብኣን ስነጥበብን ግኑን ስም ዝነበረን ኢጣልያን ፈረንሳን ጀሚሩ። ኣብ 1872 ኣብ ቅብኣ "ሪያሊዝም" ኣተኩሩ ዝነበረ ጀምስ ሚሰኤል ዌስትለር፡ ጸለምን ወርቃውን (black and golden) ክምኡ'ውን ዝወደቐ ሮኬት (the folling rocket) ዝብሉ ናይ ኣብስትራክት ቅዲ ዘለወን ቅብታት ኣዳለወ። እተን ሓደሽ ቅዲ ቅብኣ ከኣ ወላ ደኣ ረቂቕን ዝተሓላለኸን እንተኾና፡ ብህዝቢ ተፈታዊ ክኾነን ኣብ ስነ ቅብኣ ሓደሽ ምዕራፍ ክኸፍትን ክኢሉ'ዩ። ድሕሪ'ዚ ቅዲ'ዚ ድማ እቲ ብጭብጢ (ሪያሊዝም) ጥራይ ተባሒቱ ዝነበረ ስነ ቅብኡ፡ በዚ ሓደሽ ቅዲ ክትካእ ግዜ ኣይወሰደሉን። ብዙሓት ቀባእቲ ናይቲ እዋን'ቲ ካብ ቅዲ ሪያሊዝም ናብ ኣብስትራክት ክዘንብሉ ተራእዮም። እዚ ዓይነት ቅብኣ ኣብቲ ፈለማ ብጂኦሜትራዊ ሕንጻጻት ዝቖውም ብምንባሩ፡ እቲ ስራሕ ዝያዳ ዝተሓላለኸን ምስጢራውን ክኸውን ኣኽኢልዎ'ዩ። ኣብ መጀመርታ ማብል 20 ዘመን እቲ ብልምዲ ጥራይ ዝኸይድ ዝነበረ ቅዲ ኣብስትራክት ኑቲ ሞያ ዘዕብዮ ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ ስለ ዝተኸፍታሉ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ኑቲ ሓደሽን ፍትውን እናኾነ ዝመጽእ ዝነበረ ቅዲ ስነ ጥበብ ዝያዳ ሓይሊ ክህቦ ጀመረ። ኣብ 1914 ፈረንሳዊ ቀባኢ ሄንሪ ማቲስን ካልኦት ንኣሽቱ ስነጥበበኛታትን ኣብ ፈረንሳ መሰረታዊ ስውራዊ ለውጢ ብምምጻእ ፋቭዚዩም (Fauvism) ዝብል ሓደሽ ናይ ኣብስትራክት ቅብኣ ቅዲ ኣተኣታተዉ። በቲ ዘተኣታተውዎ ሓደሽ ቅዲ ፋቭዚዩም ከኣ እቲ ኑቲ ስውራዊ ለውጢ ዘተኣታተወ ሄንሪ ባዕሉ እቲ ብጫ መጋረጃ (the yellow curtain) እትብል ቅብኣ ኣቕረበ። እታ ቅብኣ ዕዙዝ ኣደናቖት ረኸበት። ብድሕሪ'ዚ ቅዲ ቅብኣ ኣብስትራክት ኣብ ኤውሮጳ ጥራይ ከይተሓጽረ ኣብ ምሉእ ዓለም ከስፋሕፍሕ ከኣለ። ቅዲ ኣብስትራክት ብደረጃ ዓለም ሓያል ተቐባልነት ዘለዎ ስነጥበባዊ ስራሕ'ዩ።

## መለለዩ ጠባያት ህይወታውያን




እንስሳታትን ኣትክልትን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ዝምደቡ ህይወታውያን፡ ኩሎም ናይ ሓባር መለለዪ ጠባያት ኣለዎም። ክልቲኦም ንኽነብሩ ኦክስጅን የድልዮም። ብኣድማሳዊ ዑደተ-ህይወት ማለት ምውላድ፡ ምፍራይን ሞትን ይሓልፉ። ዕቤቶምን ምዕባለኦምን ኣብቶም መሰረታውያን ዝበሃሉ መኣዝራት ይምርኮሱ። ኣብ ህላወኦም ሓድሕዳዊ ምትእስሳር ኣለዎም። ኣትክልቲ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ካብ እንስሳታት ክጸንዑ እንከለው፡ እንስሳታት ድማ ካብ ኣትክልቲ ኦክስጅን ይረኽቡ። ዝስዕቡ ነጥብታት ድማ ኣብ ህይወታውያን ንዘርእዩ ተመሳሳሊ መለለዪ ጠባያት ዝገልጹ እዮም።

- ዋህዮ፦ ኣብ ኩሎም ህይወታውያን ዝርከብ መሰረታዊ ኣሃዱ እዩ። እንስሳታትን ኣትክልትን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዘለዎም ካብ ሓደ ክሳብ እልቢ ዘይብሎም ዋህዮታት ኣለውዎም።
- ጸዕት፦ እንስሳታትን ኣትክልትን ንምዕባለ ኣካሎቶም ዝድርኹ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጸዕት ይጥቀሙ። ማስርሕ ህይወቶም ንምስልሳል ዝጥቀምሉ ምሉእ ኬሚካዊ ጸዕት ድማ ሚታብልኑት ይበሃል።
- ዕቤት፦ ኩሎም ህይወታውያን ዝኽተልዎ ሓደ ካብ ሕግታት ተፈጥሮ እዩ። ዕቤት ዘይዊንታዊ ማስርሕ ብምኳኑ ኻፍስወከፍ ዋህዮ ናይ ህይወታውያን ዕድመ ኣለዎ። ዋህዮ ሓደሽን ንዓኡ ዝመስሉን ዋህዮታት ንኽፍጥሩ ክመቓቐል ከለዉ፡ ዕቤትን ለውጥን ዘይተርፍ መዳይ ህይወታውያን እዩ። ምፍራይ ኣቃውማ ኣብ ኣሰራርዓ ወይ ኣተሃናንጻ ኣካል ምስ ንዕዙቡ ኻፍስወከፍ ህይወታዊ ልዑል ኣቃውማ ኣለዎ። እንስሳታት ይኹኑ ኣትክልቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብፍሉይን ዝተወሃሃበን ቅርጺ ዝቖሙ ዋህዮታት ኣለውዎም።
- ህላወ፦ ናይቲ ንምንባር ዝሕግዝ ርጉእ ውሽጣዊ ኩነት ዝዕቀቡሉ ማስርሕ (ሆሞስተሰስ) ካልእ መለለዪ ባህሪ ህይወታውያን እዩ። እዚም ከኣታት ንሙቐት ሰብነት፡ ህርመት ልቢ፡ መጠን ማይ ወዘተ. ክዕቀቡ ዘለዎም እዮም። ምቁጽጻር ሆሞስተሰስ ንምቁጽጻር ሚታብልኑት ዝሕግዝን ህይወታውያን ጥዑያትን ብቑዓትን ክኾኑ ዝሕግዝን እዩ። ካልእ ምንቅስቓስ ሓደ ካብ መለለዪ ባህርያት እዩ። እቶም ምንቅስቓሳት ድማ ኣብ ዓሌት ኻፍስወከፍ እንስሳን ተኽልን ይምርኮሱ። ምልዛብን ምምካትን ከም ሓባራውያን ባህርያት ዝጥቀሱ እዮም። ኻፍስወከፍ ህይወታዊ ክነብር እንተ ኾይኑ ኣብ ዝተወሰነ ኩነታት ክለዝብ ኣለዎ። እንተ ዘይኮነ ብህይወት ክሰርር ኣይክእልን። ካብ ሄዳሪ ናይ ምክልኻል መሰል ኣለዎም። ፍልቀት ንብልዮናት ዓመታት ዝነበረን ገና ዝቕጽል ዘሎ ኣደናቒ ማስርሕ እዩ። ኣብ መወዳእታ ኩሎም ህይወታውያን ብዙሎም ባህርያት ሓደ ኣብቲ ኻልእ ከም ዝምርኮሱ ይረዳኣካ።

## ካብ ባህርያት ዘይእምንቲ ኣፍቃሪት

ናይ ምትሓል ባህሪ ዘለዋ ኣፍቃሪት ተሸክዕ ከም ዘላ ክትፈልጣ ተርእዮም ምልክታት ትዕዙብ ከም ዘለካ'የም ተመራመርቲ ዝሕብሩ። እዚ ንምምባር ኣብ ስምዒታታን ኩነታታን ምልክታት ክንዕዙብ ንኽእል ኢና። ኣብ ልዕሊ ኣፍቃሪትካ ዘለካ ጥርጣረ ክትፈልጥ እንተ ኼንካ መልሲ ክትረኽበሉ ትኽእል ሕቶ ኢኻ ክትሓትት ዘለካ። ዝኾነ ፍሉይ ምልክታት ከይተዓዙብካ ሕቶ ምቕራብ ንምዝዛንካ ዘፍኩሰን ንባእሲ ዝዕድምን ብምዃኑ ጥንቃቐ ዘድልዮ ጉዳይ'ዩ። ሓንቲ ኣፍቃሪት ከተታልል እንከላ ካብ እተንጸባርቖ ኣካላዊ ምልክታት ገለ እስከ ንመልከት።

- ክትጸግዓ እንከለኻ ካብኻ ክትርሕቕ ትደሊ ዶ? ሓንቲ ኣፍቃሪት ምስ ካልእ ትኸይድ እንተ ኾይና፡ ኣፍቃሪኣ ክጸግዓ እንከሎ ምቹእነት ስለ ዘይስምዓ ከይተረድኣ ርሓቕለይ ዝስምዕ ምልክት ክተርእየን ኑቡሳ ክትእክበን ትርእ'ያ። ካብቲ ከይተረድኣ ተርእዮ ምልክታት ድማ፡ ኣብ ዝለዓለ ናይ ምትሓል ስራሕ ተጸሚዳ ከም ዘላ ክትፍለጥ ትኽእል። ብተወሳኺ ገለ መታለልቲ ኣፍቃርቲ ስም ካልእ ወዲ ክጸዋዓ ይሰመዓ'የን። ኣብ ከምዚ ኢጋጣሚ ዝጸውዕኦ ወዲ ሓወን ወይ ዘመደን ዘይምኳኑ ካብቲ ድሕሪ ስም ምጥቃሰን ዝስዕብ ሰንባዲ ክዝረድ ይኽእል። እታ ዘይተታልልን ሓቀኛ ኣፍቃሪት ግን ኣፍቃሪኣ ክጸግዓ እንከሎ እናኸመስመሰት'ያ ናብ ኑቡሱ ትለግብ።
- ንኣፍቃሪትካ ሕቶ ምስ ተቕርበላ ኣብ ክንዲ ትምልስ ናብ መሬት ትጥምት'ዶ? ኣብ ዓይኒ ዝርአ ምልክታት ክትሓብእ ኣዝዩ ኣሸጋሪ'ዩ። ሓንቲ ጓል ንዝተሓተተቶ ሕቶ ዋላ ኣብ ጥርጥር ዘየእቱ መልሲ እናሃለዋ፡ ኣዒንታ ግና ሓቀኛ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ መንገዲ ይህቡ'የም። ኣብይ ጸኒሕኪ ኢልካ ንዝሓተትካያ ኣፍቃሪት ኣዒንታ ናብ መሬት ተኺላ ትምልስ እንተ ኾይና ትሕሱ ከም ዘላ ባዕሉ ኣዒንታ'ዩ ዝነግረካ። ብድሕሪ'ዚ ተወሳኺ ስምዒታ ከተንብበ ግዜ ምጥፋእ ኣየድልየካን'ዩ። ኣብዚ ክስትውዓል ዝግብኦ ሓቂ ግና ኣሎ። ገለ ደቂ- ኣንስትዮ ብተፈጥሮኣን ናይ ኣፍቃሪአን መጭሕቲ ካብ ሕቶ ንምምላስ ዘይቀንዓ ስለ ዘለዋ ባህሪ ኣፍቃሪትካ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ።
- ኣብቲ ዝቐረበላ ሕቶ ፍጹም እምንቲ ኣጉዲላ ከም ዘላ ክትብድሃ እንከለኻ ተዕለብጥዶ? ሰብ ኣብ ወጥሪ ክእትወካ እንከሎ ምቹእነት ኣይሰምዓካን'ዩ። ብተመሳሳሊ ጉዳያት ክትከዋወል እንከለኻ'ውን ምቹእነት ክስመዓካ ኣይክእልን። ካበራት ዘይትሓቦእ እንተ ኼንካ ግና፡ ኣብ ሓቅነትካ ስለ ትኣምን ዋላ ደሃሊ ቃላት ይሰዓብ ክትብድሆ ምኳንካ ስለ ትፈልጥ ከም ቀሊል ኢኻ ትርእዮ። ሓንቲ ኣፍቃሪት ንዝሓተተቶ ሕቶ ኣብ ክንዲ ቀጥታዊ መልሲ ትሀብ ተዕለብጥ ወይ ቀባሕባሕ ትብል እንተ ኾይና፡ ተታልል ምህላዋ'ዩ ዝሕብር። ኣብ ከምዚ እዋን ተኻቲኺ ሕቶታት እን ተኣቕሪብካላ ዘይሕጉስቲ ምኳና ካብ ተርእዮካ ኣይትጸገመን። ሓደ ካብዞም ነጥብታት ጥራይ ረኺብካ ምሉእ ብምሉእ ተታሊለ ኣለኹ ኢልካ ከም ርጉጽ ክትወስዶ ግን ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ባህሪ ስለ ዘይብለን። ተደጋጋሚ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ እንተ ኣጋጢሙካ ግና ክትጠራጠር ንቡር'ዩ።



## ጥቕሲታት

- "መንእሰይ ልክዕ ከም ሓዊ'ዩ። ብፍሑኽ ይጀምር'ሞ ናብ ቁልዒ ይሰግር። ካብ ቁልዒ ሓዊ ናብ ንእሽቶ ሃልሃልታ ይቕየር። ድሕሪ እታ ንእሽቶ ሃልሃልታ ከኣ ናብ ሓደ ብርሃን ዘመንጨ ባርዕ ይልወጥ።"- **ዘይተፈልጠ**
- "ክውንነት እቲ ኣብኡ ምእማን ሓዲግናዮ ክለሰና ዘይቅየር ክስተት እዩ።" **- ፊሊፕ ከይ. ዲክ**
- "ፍቕሪ ማለት ክትድቅስ ዘይምድላይ'ዩ። ምኽንያቱ ጋህዲ ካብ ሕልሚ ስለ ዝበልጽ።" **- ዶክተር ስውስ**
- "ብዘይካ እቶም ዝተፈላለዩ ረቡሓታት ምሃብ ካልእ ንመንፈስ ወሃብቱ ሓራ ከም ዘውጽኦም'የ ተገንዚበ።" **- ማያ ኣንጀሎ**
- "ግዜ ልክዕ ከም ዘውሕዝ ሩባ እዩ። ኣብ ሓደ እዋን ብዕምኮ እትሕዞ ማይ ደጊምካ ክትጭብጦ ኣይትኽእልን። ምኽንያቱ እቲ ሓንሳብ ክትጭብጦ ዝኸኣልካ ዕማኮ ማይ ድሕሪ ምፍናውካ ብዋሕዚ ናይቲ ሩባ ተደፊኡ ስለ ዝኸይደ።" **- ዘይተፈልጠ**

## ጥሚትን ጎራዕራዕ ከብድን



ክንጠሚ ከለና ኩብድና ጎራዕራዕ ዝብል ድምጺ የስምዕ'ዩ። እዚ ጎራዕራዕ፡ ብምጭብባጥን ምዝርጋሕን ጭዋዳታት እዩ ዝፍጠር። መግቢ ናብቲ ንኸስዐን መዓንጣን ዘራኽብ ክፋል ክኣቱ ከሎ፡ ስሩዕ ኣብ ዝኾነ ናይ ግዜ ፍልልይ ትሕዝቶኡ ብመናድቕ ናይቲ ክፋል ይጭበጥ'ዩ። እዚ ከኣ ኩምራ ናይ መግቢ፡ ጋዝን ፈሰስትን ከየጋጥም ዝሕግዝ'ዩ። እቲ ምዝርጋሕ መሰረታዊ ኤሌትሪካዊ ረምታ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቅልጣፈን ሓይልን ዝርጋሐ ናይቶም ጭዋዳታት ድማ፡ መግቢ ኣብ ውሽጢ ከስዐ ኣብ ዝህልወሉን ዘይህልወሉን እዋን ይውሰኽ። መግቢ ኣብ ዘይህልወሉ ድማ፡ እቶም ተቐበልቲ መትኒታት ዘይተሓለነ (ቅጽበታዊ) ምምንጫው ኤሌትራዊ ንጥፈት የበግሱ። እዚ ከኣ ኑቲ ጭዋዳ ክጨባበጥን ነዙ-ነዚ ኩብልን ይድርኾ። እቲ ጎራዕራዕ ዝብል ድምጺ ከኣ እዚ'ዩ።

# ካብ-ክሳብ

ሃይማኖት መሓሪ



ንኹሉ ነገር ይኹን ፍጡር፡ ካብንናብ ዝበል ደረት ግዜ ኣለዎ፡፡ እንተኾነ ካብ-ክሳብ፡ እንጥቀመሉ መዓርሒ፡ ማጠን ምቕት ካብክሳብ እናርሓሉ ሰዓታት ካብ-ክሳብ፡ ንሕና ደቂ-ኣዳምዮ ንኹን ደቂ-ተባዕትዮ እንወልደሉ ዕድመ ካብክሳብ፡ ኣብ መቓብርና ከይተረፈ ንምስክርነት ካብ-ክሳብ ነቢሩ ወይ ነቢራ ዝበል ጽሑፍ ኢና እንሰፍር፡፡

ንሕና ኣብ'ዚ ደረት ናይ ግዜ እንነብር ሰባት እምብኣር፡ ልዕሊ'ቲ ዝተወሰነልና ሕንጻጽ ክሕይድ ዓቕሚ የብልናን፡፡ ማለት'ሲ ንተፈጥሮ ክንቅይር ኣይንኽእልን ኢና ንምባል እዩ፡፡ 200 ዓመት ክጸንሕ ዘይክእል ፍጡር፡ ናይ 200 ዓመት መደብ ዝሓዘ እንክኣማሰል ሕጊግ እንተበሉ፡ ፍጥረቱ ባዕሉ ይኣኽለካ ኢሉ ከፉንዎ ምኻኑ ኣየጠራጥርን፡፡ ንዘቐጽል 200 ዓመት ዘሊይዶ ንዋይ ወይ ገንዘብ ክሽምር ይሃልኽ እንተሎ እውን ዳርጋ ዝጠዘሐ ካብ'ቲ ዓመታቱ ንሸንኑ እዩ ዝጽዕር ነይሩ ክበሃል ይከኣል፡፡

ኣብ'ዚ ድሩት ግዜ እንታይ ክንነብር ከም እንኽእል ብዓቕምና ምምዓም ጸብቒ ኩይኑ ብዘይዱ ህይወት ብኸመይ ክትምእዘዝና ትኽእል ምሕሳብ እዩ ነብርና ዲና ወይስ ኣይነብርናን ዝወስኖ፡፡ ንዋይ ከም ዘድልየና መቸም ንግዝም ሰብ ዘኽወሎ ኣይኮነን፡፡ እዚ ግን ምስ መንፈሳዊ ድልየታትና ዝተኣሳሰረ እንተ ኾነ ዚያዳ የድምቕ፡፡

ሓደ ሰብ ሰሪሑ ደዩ ዋላስ ዕድለኛ ኹይኑ ወይ እውን ብኻልእ መንገዲ ሚልዮናት ወይ ቢልዮናት ከዋህልል ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ቀንዲ ቅምንር ግን፡ "ክሳብ መዓስ እዩ ከረጠቱ ክምልእ? ንምንታይ ዕላማኸ" ዝበል ንጹር ዝኾነ መልሲ የድልዮ፡፡ ምናልባት ትካል ከፊቱ ሰራሕተኛታት ቖጺሩ በበጥዚኡ እናዓበየ ገና ገንዘብ ክወሰኽ ሂፈጽፈጽ ይብል ይኸውን፡፡ መንበሪ ቤት ክሰርሕ እውን ይኽእል ይኸውን፡፡ ጸሪሑ ትካሉ ከበቢ ይኽእል፡፡ እዚ ማለት ግን ብዓይኑ ደኣ ተቐይሩ እምበር፡ ገና ገንዘብ ካብ ምምእራር ኣይወጸኣን ዘሎ ማለት'ዩ፡፡ እዚ'ውን ክሳብ መዓስን ንምንታይን ዝበል ናይ ግዜን ዕላማን ደረት እንተ ዘይተቐሚጠሉ፡ ናብ ደረት ዘይብሉ ምዕራፍ ከም ምቕዳም ይቐጽር፡፡ እቲ ጸገም ከኡ ጉያና ብዘይደረት፡ ዕድመና ግን ብደረት ምኻኑ እዩ፡፡

ሓያሎ ሰባት ኣብ'ዚ ደረት ናይ ግዜ መንፈሳዊ ዕግበት ኣብ ዞባዘሎም ሽነኻት እውን ወፍሪ ክገብሩ ደረኣዩ እየም፡፡ እቲ ወፍሪ ገንዘባዊ ወፍሪ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ መኽሰቡ ግን ገንዘብ ወይ ንዋይ ጥራይ ዘይኩኑ፡ ኣብ ምምሕያሽ ናይ ካልኦት ሰባት ብዘገብሩዎ ኣበርክቶ ዝረኽቡዎ ዕግበት እዩ፡፡ ብዙሕ ሰብ እቲ ንሶም ብሕልፊ ደማ ንዘይብሎም ወይ ንዝሓጸርም ምሃብ ከም "ምትኳብ" ይቖጽርዎ እዮም፡፡ ስለ'ዚ ድማ እቲ ዝቐበል ሰብ ጥራይ ከም ዝረብሐ፡ ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ወጺኢ ከም ዝኮኖ ገይሮም ይሓስቡ፡፡ ብዕላማን ድልየትን ዝግበር እንተ ኹይኑ ግን ልዕሊ'ቲ ዝቐበል ሰብ እቲ ዝሃበ እዩ ዝረብሕ፡ ነቲ ብገንዘብ ክዕደግ ዘይክእል ዕግበት ወይ ደስታ ብገንዘቡ ክረኽቦ ስለ ዝኽእል፡፡

ምስ ሓደ መተዓልልተይ'ሲ ብዘረባ ዘረባ ንሓደ ብሎተሪ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ ዝጸሓ ሰብ ነልዕል እሞ "ክላ እዚ ኣይረብሕን እዩ፡ ዕድል ባዕሉ መጺኡዎ እንክለቓ ኣብ ዘይጠቅም ነገር ሰልዱ ወዲኡ እህልኪ - ኣይረብሕን እዩ. . ." ይብለኒ፡፡ ዳርጋ ኩላትና ድማ ሓደ ሰብ ሎተሪ ምስ በጽሖ ትካል ክነብር ወይ ክትረይ'ሞ ዚያዳ ገንዘብ ክእከብ ከም ዘለዎ ኢና እንኣምን፡፡ ንሱ እንታይ ገይሩዎ ወይ ሓሰቡ እዝጊ ዋናኡ፡፡ እቲ ዘርመሚ ነገር ግን ከፍ ኢልና ብዕላል ቀሎ ጥጥቖ ሚልዮናት ሰብንድታት ምኽሰርና ከም ምብጻሕ ዘይንቐጽሮ ምኻንና እዩ፡፡ ዝ. ብዓል ዕድል ንኽንዝበንጥል እናጥፍኡ ግዜ'ኳ ንባዕሉ፡ ብላሽ ነጥፍና ከም ዘለና ክንግንዝብ ዓቕሚ ንስእን፡፡

ግዜ ገንዘብ ምኻኑ'ሞ መን ይንገረና! ንሱ ሚልዮን ኣጥፊኡ እንተ ኹይኑ፡ ንሕና'ውን ገለ መጠን ገንዘብ ኣጥፊእና ኣለና፡፡ ኣብ ኣደና ዝኣተወ ገንዘብ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ እንሰኣኖ'ኳ፡ ገንዘብ መጺኣይ ምኻኑ ብምእማን ኣብ ክንዲ እንርገእን ናይ መጺኢ ንሓሰበ፡ ብእህሁታ ጥራይ ወርቃዊ ናይ ግዜ ባጀትና ነጥፍእ ኢና፡፡ እቲ ናትና ናይ ግዜ ባጀት ድማ እንተ ተረኸቡ ኣብ ከባቢ 100 ዓመት ጥራይ እዩ፡፡ ኣረ ገለ'ውን ፈትዩም ብዘጥፍእዎ ገንዘብ ዝጠዓሱን ንኽምልስዎን ሕሂን ዝበሉን እየም፡፡

እቲ ሰፂምን ኣብ ሰናይ ነገር ጎሪሑ ዝኾነን ሰብ ንዘበራዊ ትሕዝቶኡ ባህ እናበሎ እዩ ምስ ሰኣናት ዝካፈሎ፡፡ ብመንፈሳዊ ዕግበት ይልወጦ፡፡ እቲ ንኽረኣ ኢሉ ዝነብር ግን ንሽዑ ዝና ዝረኸበ ስለ ዝመስሎ ብሀታ ይሰክር'ሞ፡ ብዙሕ ከይጸንሐ ብዘፀባ ዝገሎ ገንዘብ እናሓሰበ ብውሽጡ ይቕዝዞ፡፡

እዚ ጥራይ'ውን ኣይኮነን፡፡ ዕውት ዝበሃል ሰብ ከመይ ዝበለ ምኻኑ ንሓያሎ ካብና ተወጃቢሩና ኣሎ ማለት'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ብዙሕ ዕላላት ከም ዘጋጠመኒ፡ "ንሱ ደኣ ተዓዊቱ እንድዩ፡ መኪና'ኳ ገዚኡ ከመይ ዝበለ ገዛ እንድዩ ኣስሪሑ ትካል ከማን ከፊቱ. . ." ብምባል ብዙሕ ዕላታት ዝበልናዩም ሰባት ንዛረብ ኢና፡፡ እዞም ሰባት ብሓቂ ደዮም ኩላቶም ኣብ ህይወት ተዓዊቶም? ዋላ ሓደ'ኳ ክፈርድ ዝኽእል የለን፡፡ ብዙሒ ገንዘብ ንብዩኑ መማዝኒ ዓወት ክኸውን ስለ ዘይክእል፡፡

ዋርድያ ተቖጺሩ ንህይወቱ ብመደብ ዝመርሕ፡ ለስትሮ ተኻርዩ ኣንገሁ እናወፈረ ስድራቤቱ ዝሕግዝ፡ ኣብ እንዳ ሰብ ሰራሕተኛ ተቖጺራ ብጉልበታ ኣታዊ እናረኸበት ደቃ ኣምሂራ ኣብ ዝበጽሕ ዘበጽሐት. . ." እዚኣቶም ዕዉታትዶ ኣይኮኑን? ዓወት ማለት ኣብ'ቲ ንኽለንትናዊ ዓቕምኻ መዚንካ ዝሓንጸጽካዮ ዕላማ ምብጻሕዶ ኣይኮነን? ናይ'ዚኦቶም ዓወት ምስናይ መንፈሳዊ ዕግበቱ እዩ፡፡ ብጾሊምን ጸዕዳን ኢዶም ተገዚኦም ዘዕበዩኻን ዘምሃሩኻን ወለዲ ካብ ምኽሓስ ንላዕሊ ዘዕዞብ እንታይ ኣሎ? ንሽኻ ብዝሰተኸዮ ማይ ዝጸደቐ ኣግራብ ምርኣይ ከመይ ዝበለ ዕግበት ይፈጥረልና ይኸውን?

ኣብ'ዛ ዓለምና ንበራዊ ሃብቱ ናብ ዕግበት ዝልወጥ ልዕሊ ኩሉ ዓወታት - ዕዉት እዩ፡፡ እዚ ክብል ከሎኹ፡ ዕግበት ብገንዘብ ጥራይ እዩ ዝርከብ ማለተይ ኣይኮነን፡፡ ብሰናይ ኣረኣእያን ፍቓድን ብጉልበት፡ ብሓሳብ እውን ብገዘብ ክርከብ ዘይክእል ሰናይ ነገር ክንረክብ ንኽእል ኢና፡፡

ሓደ ግዜስ ተኣኪብና ከለና ንሰብት "ሃብታማት እንተ ትኾኑስ እንታይ ምገበርኩም?" ኢለ ሓቲተዮም፡፡ እቲ ዓብላሊ መልሲ "ዝተጸገሙ ምሓገዝና" ዝበል'ዩ ነይሩ፡፡ ምናልባት ብውሽጡ "መኪና ምገዛእኩ፡ ገዛ መስርሐኹ፡ ባር ምኸፈትኩ፡ ፍቓዶ ከተማታት ምዛንደርኩ. . ." ዝበለ ሰብ ነይሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ኣብ ፊቶም ከኣ ዕድመ ደፍእ ዘበለት ሰበይቲ ኮፍ ኢላ ነበረት፡፡ ንሳቶም ብቐጻሊ ኣብ'ታ ቦታ ኣለው፡፡ ንሳ እውን ኩሉ ግዜ ኣብ ፊቶም ኣላ፡ ናይ ምሕጋዝ ድልየት እንተ ሃልዩዎም፡ ነቲ እዛ ሰበይቲ ኮፍ እትብሎሉን እትሉብሶን ክጸርዩላ ምኸኣሉ፡፡

ሓደ ንጸገም ብገንዘብ ጥራይ ዘይኮነስ ካልእ ብዙሕ ክንሕግዘሉ ዘኽእለና ዕድል እዩ ዘለና፡፡ ስለ'ዚስ ብሓቂ ሰብ ንኽንሕግዝ ውሽጣዊ ወይ ናይ ብሓቂ ድልየት እንተ ሃልዩና፡ ክሳብ እንኸውብትም ዘጹብዩ የብልናን፡፡ ስለ'ዚ፡ እዞም ሰባት እዚኦቶም፡ ምናልባት እንተ ዝሃብተሙ'ውን ናይ ብሓቂ ክሕግዙ ደዮም ኣይክሕግዙን መረጋገጺ የለን፡፡ እቲ ቀንዲ ድማ እቲ ሃብቲ ዝበልዎ መጠኑ ክንደይ ምኳኑ ዝፍለጥ ኣይኮነን፡፡ ኹሉ ኢለ'ኳ እንተ ዘይደምደምኩ፡ ሃብታም፡ ብማጠን'ቲ ንገንዘብ ዘለዎ ሃረርታ ወይ እውን ኣምልኾ እዩ ንሳዕሊ ዘንቃዕር፡፡

ኣብ ዓለምና ዘለዉ ቢልዮናት ካብ ምውህላል ገንዘብ ሓሊፎም ኣብ ውድድር ከም ዝኣተዉ እንሰዞ ዘለና እዩ፡፡ ናይ ምሕጋዝ መንፈስ ዘለዎ ሰብ ድማ፡ ቦታ ዘሎቶ ዝሕግዝ ደኣ'ምበር፡ ንፈጣሪኡ "ሃብቲ ሃብ'ሞ ኣነ ድማ ንጽጉማት ክሕግዝ" ዝበል ኣይኮነን፡፡ እዚ ከም'ዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ እንተ ሃብተመ'ውን "ወሰኸ'ሞ ንጽጉማት ክሕግዘዮ" ምባሉ ኣይተርፎን እዩ፡፡

ንጸገም ምሕጋዝ ወይ ንጸቡቕ ምብጋስ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ኣብ ኢደና እዩ ዘሎ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሸቕጢ መጓልታዊ ስራሕ ንኽረኽቡ ኣብ ሓደ ፍሉጥ ቦታ ኹይናም ዝጸበዩ መንእሰያትን ዓበይትን ኣለዉ፡፡ ኣብ ከባቢኦም ጽርየቱ ዘይሓለወ ቦታ፡ ማለት ወረቓቕቲ ይኹን ፕላስቲክ ዝዘዘርዎን ንኽጥርእዮ ባህ ዘይብልን ቦታ እዕዘበ'ዩ፡፡ ዝጠዘሑ ካብኣቶም ጠለብ ክሳብ ዝረኽቡ ኮፍ ኢሎም የዕልሉ፡ ገለኦም ሉዶ ይጻወቱ. . ፡፡ እቲ ኣብ ትጸበት ዘሕልፉዎ ግዜ፡ ብሰናይ ተበግሶ ከባብኦም ኣብ ምጽራይ ከውዕሉዎ ይኽእሉ እዮም፡፡ እቲ ዝወዕልሉ እንተ ጸረየ ድማ ባህ ምባሎም፡ ኑተን ሰይትን ቆትርን ከይተሓለለ ጽርየት ከተማና ንምሕላው ኣበርክቶኦን ዝርርሓ ዘለዋ ኣደታትና ይኹና ኣሕዋትና ከማን ስራሕ ምተቓለለን፡፡

ንእግረ መንገድና፡ እቲ ንበላሽ እነሕልፎ ግዜ ነገራዊ ዘይኮነስ መንፈሳዊ ዕግበት ኣብ ዝህበና ዕዮ ከውዕሎ እንተ ኽኢልና መኽሰብ እምበር ክሳራ የብልናን፡፡ ብልቢ ኣሚንና ክሳብ ዝበበርናዮ ማለተይ እዩ፡፡

ንዘተሸገረ ክረድእ ዝደለየ ሰብ ኣብ ጥዕም ዝኣ ኣደ ቖልዓ ካብ ዘለዎ ውሑድ ገንዘብ ዋላ ንኽልተ ባ ዝኾና እንተ ሂቡ፡ ብሓቂ ጸገም ሰባት ይሰምዖ'ዩ ማለት እዩ፡፡ ካብ'ቲ ናይ'ቲ ንመሐሸሸኡ ኢሉ 5'000 ሐዚሉ ክለኡ ናይ ዓረርት ባ ተኾብ ዝኸይደ፡ ናይ'ቲ ካብ ዘለዋኦ ውሑዳት ዝለገሰ ብጸፍታት ደብልጽ፡፡ ምኽንያቱ እቲ ቀዳማይ ንእኡን ክረድእ ኢሉ'ዩ ካብ ውሑድ ገንዘቡ ዝምንን ዘሎ፡፡ እቲ ካልኣይ ግን 'ይትኮብ ኣሎ' ኢሉ፡ ወይ ድማ ሰብ ንኽርእየሉ እዩ ፈይ ዝበል ንኽብል እዩ፡፡

ሰባት ግን ኣመና ዝተፈላለና ኢና፡፡ ብርግጽ እየ ዝበለኩም፡ ካብ'ቲ ሓደ ጫፍ ናብ'ቲ ካልእ ጫፍ ዝተዘርጋሕና ኢና፡፡ ይትረፍዶ ክሕግዙ፡ ከላትካ እትረብሓሉ ናይ ሓቦር ስራሕ እናሰራሕካ ብጉልበት ሰባት ንኽትበልጽ ዝሕብኡ ሰባት እኳ ኣለዉ፡፡ ከም ጥበብ ገይርም ድማ ይቖጽርዎ፡ በቲ ሓደ ወገን ንገዛእ ነብሶም ይጥብዑ ምህላዎም ስለዘይርደአም፡ ንገዛእ ነብሶም ከም ዝዐዩ ከተረድኦም ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ በቃ - ንዓለም ብጥበበም ይኑብሩዋ ከም ዘለዉ እዮም ዝሓስቡ፡፡ ንዓኣቶም ድማ መንፍዓት እዩ፡፡

ሓደ ካብ ደገ ዝመጸኣ ሰበሰ፡ "ኣደይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ዓቢ ሬስቶራንት ዓይኒ ምድሪ እናኣጽረየት፡ ነሕዋታ እያ እትሕግዞም፡ ንሓትነይ ከኣ ወርሓዊ ናቕፋ 2000 ትሰድደላ፡ ናብ ኤርትራ ምስ መጻእና፡ ሓደ ኣብ'ቲ ኣነ ዝዕበረሉ ዓዲ ዝነብር ዓርከይ ኣዲኡ ስለ ዝሓመመቶ፡ ንወላዲቱ ንኽትኣልየሉ ወርሓዊ ናቕፋ 2000 ዝኸፍላ ቀለብ ዝኽእላ ናይ ሰዓት ግዜ ዕረፍቲ ዝህባ ሰራሕተኛ ወይ ሓጋዚት ድሰለይ ኢሉኒ፡፡ ኣነ ድማ እናተሓጎስኩ ናብ ሓትነይ ከይደ "ስራሕ ረኺበልኪ" ኢለያ ተወሲኺ ሓገዘ እንተኾና ኢለ፡፡ ዓይኒት ናይ'ቲ ስራሕን ክፍሊቱን ምስ ነገርኩዋ ግን "እንዳ ሰብ ኣይሰርሕን እየ!" ኢላትኒ፡፡ ኣነ ኣገዳ ገሪሙኒ፡፡ "ኣደይ'ኮ ዓይኒ ምድሪ እናኣጽረየት እያ ትሕግዘኪ" እንተ በልክዋ ቅጭጭቶሽ ኢሉዋ እዩ፡፡ ሽዑ ዝተረድኣኩዎ እንተ ነይሩ፡ ንሕና ኒልምካ ደኣ'ምበር ንሕግዞ ከም ዘይብርና እዩ፡፡ መቸም ግዜ ኩሉ ግዜ ኢዱ ናብ ላዕሊ ሓፍ ኣቢሉ "ቻው" ምስ በለና እዩ፡፡ ምስኡ ንዘኾዩይ ጥራይ እዩ ብኢዱ ሐዚዎ ዝኸይድ፡፡ ኣብ'ዛ ካብ - ክሳብ ዝኾነት ዕድመና፡ ገለኡ ንምሉእ ህይወቱ ኣብ ምኽማርን ምፍቃድን ሃብቲ የሕልፎ'ሞ "ቻው" ንኽብል ዕድል ከይረኸበ ካብ ምድሪ ይፋኖ፡፡ ገለኡ ድማ ነቲ ገንዘብ ዝፍልፍል ግዜ ህሙኽ እናኣብሎን እናኣማረረን ይዕዝር፡፡ ገለኡ ከም ሓረግ ኣብ ገረብ፡ ኣብ ሰብ ተደጊፉ ክነብር ይጸንሕ'ሞ፡ እቲ ሰብ "ቻው" ምስ በሎ፡ ገረብ ከም ዝተሰብረ ሓረግ ናብ ምድሪ ራዕ ይብል፡፡

እወ ካብ - ክሳብ ዝበል ዓቕን ክሳብ ዘቖቕመጡ ዝበጽሐ ምዕራፍ የለን፡፡ ገለኡ ንሽንኑ ይጽዕር፡ ገለኡ ንሽንኑ ንሰባት የጽዕር፡፡




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትደዮ ቀጥታ |
| 13:45 | ቀስተ ደሕንት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዞማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:25 | መስተንክር |
| 18:00 | ስነዳዊ ፊልም |
| | ስጥንታዊ ቦታ ኣዱሊስ 1ይ |
| 18:40 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ዜና ስፖርት |
| 13:30 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 16:00 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ቀላሕታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Electrician**

   **Department: Process Plant**
   **Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**
In cooperation with the Electrical Supervisor, will be responsible for:

- Day to day maintenance of the Electrical distribution system and machinery around the site.
- Carry out planned and unplanned work as directed by the Supervisor and achievement of maintenance compliance targets in the most cost-effective manner.
- The position will be expected to positively impact and contribute to the performance of the company through leadership and individual activity.
- Ensure training and coaching is provided to all employees, with specific attention to National and Local employees as part of the Company's Training and nationalisation program.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- In cooperation with the Electrical Supervisor will be responsible for the day-to-day electrical maintenance of the processing plant and other areas.
- Review of electrical maintenance tasks and procedures including JSA's and SOP's
- The position will be expected to positively impact and contribute to the performance of the company through leadership and individual activity.
- Achievement of plant throughput and electrical maintenance targets in the most cost-effective manner within budgets
- Assist in preparation of project cost and worktime estimates.
- Service and maintenance of single and 3 Phase electrical equipment.
- Carry out PM tasks as per schedule.
- Install and repair electrical controls, panels and MCCs
- Carry-out fault-finding on control cables, low voltage power cables and medium voltage power cables
- Splice low and medium voltage cables
- LV and HV terminations
- Troubleshoot and isolate faults
- Ground and bond electrical equipment, systems and structures
- Install and be responsible for operation of power distribution systems, including emergency diesel engine generators and Uninterruptible Power Supply Systems
- Mentor his/her helper
- Participate in planned shutdown tasks
- Practice safe working procedures all the time

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Reporting

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- The candidate must be physically medically fit.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| o Minimum Certificate in Electricity. | o + 5 years relevant experience<br>o + 2 years management skills |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Computer Literacy (MS Office – Intermediate,), Attention to detail, Analytical skill, Electrical experience, Problem solving skill, Supervisory experience, Understand electrical drawings | o Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion, Self-motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**


1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**


# ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

ሓዳስ መጽሓፍ

**PROBLEM SOLVER Of High School ENGLISH**

ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ እንግሊዝኛ
ብፍላይ ንተፈተንቲ ማትሪክ




ኣብ ትሕዝቶ መጽሓፍ
- ☑ ሓጺርን ንጹርን መግለጺ ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት 9ይ፡ 10ይ፡ 11ን 12ን ክፍሊ
- ☑ ሕቶታት ምስ ሰፊሕ መግለጺታቶም
- ☑ ሕቶታት ምስ መልስታቶም
- ☑ ማትሪክ መሰል ሕቶታት

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ 07121623- 07151337- 07377676

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

# ቢኒ ደጊሙ ቅያ ሰሪሑ











ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ህዝቢ ንዓወት ቢኒ እናጸምበለ

ስእሊ ◦ ብስራት ሰረቐ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ብሽክሌታ በልጂማዊት ክሉብ ኢንተር ማርሼ ቢንያም ግርማይ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ሻሙናይ መድረኽ ቱር ዲ ፍራንስ ቀዳማይ ብምውጻእ ንኻልኣይ ግዜኡ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ።

ቢንያም፡ ኣብዚ 183.4 ኪሎሜተር ርሕቐት ዝሸፍን ዝነበረ መድረኽ ንሓያላት ተቐዳደምቲ ዓለም ጃስፐር ፊሊፕሰንን ኣንኖድ ዲ ሊን ረቲዑ'ዩ ኣዚ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊቡዎ።

በዚ፡ ኣብዚ ንፋሰን ማይን ኣብ ዝዕብለሎ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣብ መዛዘሚ ኣብ ሰዓት 56.7 ኪሎሜተር እናተጓዓዘ'ዩ ንኹሎም ተቐዳደምቲ በሊጹ ናይ መወዳእታ መስመር ረጊጹ።

ሻሙናይ መድረኽ መበል 111 ቱር ዲ ፍራንስ ክልተ ናይ ነጥቢ ቅጽበታዊ ውድድር'ዩ ነይሩዎ። ኣብ ፍርቂ ናይቲ ውድድር ኣብ ዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ቢኒያም ኣብ ሰዓት 72.4 ኪሎ ሜተር እናረገጸ ንዎብይ ጉጅለ ብምስዓር 17 ነጥቢ ክወስድ ከሎ፡ ኣብ መወዳእታ ብዘመዝገቦ ዓወት ከኣ 50 ነጥቢ ክሓፍስ ክኢሉ ኣሎ።

በዚ ከኣ ኣብ 8 መድረኻት ብዘኣከቦ 216 ነጥቢ ነታ ወድያዋ ዘሎ ቀጠልያ ማልያ ክዕቕባ ከሎ፡ ዝሓለፈ ዓመት ነዛ ማልያ ዝወሰዳ ጃስፐር ፊልፕሰን ከኣ 88 ነጥቢ ድሒሩ ብ128 ነጥቢ ደስዕሮ ኣሎ። ጆናስ ኣብርሃምሰን ከኣ 107 ነጥቢ ብምውህላል ኣብ ሳልሳይ ተርታ ተሰሪዑ ደርኪቡ።

ወዲ 24 ዓመት ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብዚ መድረኽ ክልተ ግዜ'ዩ ኑቲ ዝሓየለ ተቐዳዳማይ ብሽክሌታ ምኳኑ ዝእመኖ ጃስፐር ፊሊፕሰን ስዒርዎ። ብፍላይ ኣብታ ናይ መወዳእታ ቅጽበታዊት ውድድር ብዘርኣዮ ሓይልን ጥበበን ንጃስፐር ፊሊፕሰን ብድሎ ክስዕሮ ምኽኣሉ ሒዝዎ ንዘሎ ብቕዓት ዘማስክር እዩ።

በዚ፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ናይዚ ውድድር'ውን ቀዳማይ ኮይኑ ብምዕዋቱ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር ንፈለማ ግዜ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ዝበል ክብሪ ከም ዝረኸበ ኣይርሳዕን።

ቱር ዲ ፍራንስ 2024፡ ክሳብ ሕጂ ኣካይዱዎ ካብ ዘሎ 8 መድረኻት እቶም 4 ናይ ቅጽበታዊ ውድድር መድረኻት እዮም። ቢንያም ከኣ ካብዞም ኣርባዕተ መድረኻት ኣብ ሳልሳይን ሻሙናይን መድረኽ ክልተ ግዜ ቀዳማይ፡ ኣብ ሻዱሻይ መድረኽ ካልኣይ፡ ኣብ ሓሙሻይ መድረኽ ድማ ታሽዓይ ተርታ ብምሓዝ ሕልፊ ኩሎም ተቐዳደምቲ ጾብሎል ክብል ብምኽኣሉ ካብ ዝተፈላለዩ ፈላጣት ናይዚ ዓውዲ ኣድናቖት ረኺቡ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ኣብ ሸሞንተ መድረኻት ክልተ ግዜ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ዝኾነ ተቐዳዳማይ የለን - ብዘይካ ቢኒ!

ድሕሪ'ቲ ውድድር ኣብ ዝሃቦ ሓጺር መግለጺ፡ ኑቲ ዓወት ንወለዱ ዘወፈዮ ቢኒያም "ዋላ'ኳ መወዳደርተይ ብዕዚዝን ካብይ ይኸብዱ ብምንባርም ኣብ ጎልጎል ብልጫ እንተሓዘ፡ ውድድር ክዛዘም 1 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ግን ኣእጋረይ ጸቢቐ ደስመዒ ስለ ዝነበረ ክዕወት ምኳነይ ኣይተጠራጠርኩን። ንደቂ ጋንታይ ድማ ስለ እቲ ዝገበሩለይ ሓገዝ ኣመስግን" ኢሉ። ቢንያም፡ ቀጠልያ ማልያ ወደዩ ናይ መድረኽ ዓወት ምምዝጋቡን ኩሉ ነገር ናብ ናይ መወዳእታ ምዕራፋ ይበጽሕ ከም ዘሎን ብዘውሳኺ ኣፍሊጡ።

ቢንያም፡ ኣብ 8ይ መድረኽ ቱር ዲ ፍራንስ ናይ መወዳእታ 10 ኪሎ ሜተር፡ እቲውውጻእ ዝበለ ዓቕሚ ክህልዎ ብምኽኣሉ ከም ዝተሓገዘ'ዩ ዘረድኤ። ንሱ፡ መወዳደርቱ ብኸብደት ስለ ዝበልጽዎ ኣብ ጎልጎል ዚያዳ ፍጥነት ከም ዝህልዎም እዚ ናይ ትማሊ መድረኽ ግን ምስ ክብደቱ ተኣሳሲሩ ጾብሎል ክብል ከም ዝሓገዞ ኣፍሊጡ።

ተቐዳደምቲ፡ ናይ መወዳእታ ዓቕቢ ናይቲ መድረኽ ኣብ ዝደየቡሉ፡ ቢንያም ካብ ካልኦት ተቐዳደምቲ ብፍሉይ ጸቢቐ ክስምዖ ከም ዝኸኣለ'ዩ ድሕሪ'ቲ ውድድር ኣረዲኡ። ብፍላይ ኩሎም ተቐዳደምቲ ኣብ ሓደ መስመር ክሰርዑ ምስ ጀመሩ ኣብ ተቐዳደምቲ ድኻም ከም ዘሎ ከም ዝተረደኦን "እዛ ዕለት መዓልተይ'ያ" ክብል ከም ዝኸኣለን ኣፍሊጡ።


በዚ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቱር ዲ ፍራንስ ናይ መድረኽ ዓወት ከመዝግቡ'ዩ ከም ቀንዲ ዕላማ ሒዝዎ ኣትዩ። ኣብ ሳልሳይ መደረኽ ፈላማ ናይ ዓወት ድሕሪ ምጉንጻፉ ከኣ ነጥቢ ኣዋህሊሉ ቀጠልያ ማልያ ንምጭባጥ ክጽዕር ከም ዝጀመረ የረድእ።

ድሕሪ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ኢንተር ማርሼ ንብኒ ኣኸቢቦም "ቢኒ ቢኒ" እናበሉ ክጭድሩ'ዮም ተራእዮም። ብዮሚ ማልያ ሒዙ ዘሎ ፖጋቻን ናይ ዓቕቢ ማልያ ወሪኑ ዘሎ ኣብረሃምሰንን ከኣ ናይ እንቋዕ ሓጎሰካ መልእኽቲ ሂቦሞ።

ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኣብቲ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ብምምጻእን ጥንዴራ ብምብልባልን ንቢኒ ከተባብዕዎ ከለው፡ ብማሰረት ካብ ኩሉ ኩርናዓት ውሽጢ ሃገር ዝመጽና ሓበሬታ ከኣ ድሕሪ ዓወት ቢንያም ኣብ ኩለን ከተማታት ናይ ሓጎስ ጽምብል ከም ዝተኻየደ ተፈሊጡ ኣሎ።

ታሽዓይ መድረኽ ቱር ዲ ፍራንስ ሎሚ ሰንበት ዓቕቢ ብዘለዎ መድረኽ ምስቀጸሉ፡ ጽባሕ ሰኑይ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ ክህልዎ እዩ።

በዚ፡ ኣብ 10ይ መድረኽ ጂሮ ዲ ኢጣልያ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ ከም ዝነበረ ኣይርሳዕን። ኣብዚዓመት ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ድሮ ክልተ ናይ መድረኽ ዓወት ብምምዝጋቡ ድማ እንሆ ኣብዚ እዋን ኣብ ዓውዲ ቅድድም ብሽክሌታ ብቐዳምነት ዝጽዋዕ ተቐዳዳማይ ኮይኑ።



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሓዲሽ መድሃኒት ‘ሕማም ረሲዕ’ ኣብ ዕዳጋ ክውዕል ፍቓድ ረኺቡ

ምምሕዳር መግብን መድሃኒትን ኣመሪካ፣ ሕማም ረሲዕ ከደናጉ ከምዝኽእል ንዝተገልጸ ‘ዶናነማብ’ ዝተባህለ ሓዲሽ መድሃኒት ኣብ’ዚ ወርሒ’ዚ ኣገልግሎት ክውዕል ፍቓድ ከም ዝሃበ ተሓቢሩ።




ምምሕዳር መግብን መድሃኒትን ኣመሪካ፣ ነቲ ኣብ ምድንጓይ ሕማም ረሲዕ ዝውዕል መድሃኒት ኣብ ዕዳጋታት ክወርድ ዘፍቅድ ዘሎ፡ ሕጂ ንካልኣይ ግዜኡ ምዃኑ’ዩ ዝግለጽ።

መድሃኒት ‘ዶናነማብ’፡ ሕማም ረሲዕ ኣብ ምዝሓል ኣድማዒ ምዃኑ ቅድሚ ዓመት ተፈሊጡ’ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ሓደ ሓደ ምኽንያታት ክሳብ ሕጂ ተኸልኪሉ ምጽኒሑ ይግለጽ። ገለ ኣብ’ዚ ዓውዲ ዝሰርሑ ክኢላታት እውን፡ እዚ መድሃኒት ኣብ ምግታእ ሕማም ረሲዕ ኣበርክቶ ከምዝለዎ እዩም ዝገልጹ ዘለዉ።

ሕማም ረሲዕ ጠንቂ ኀጹር ዘይናቱ ንሽማግለታት ኣብ ገለ እዋን ከኣ ንብዕድመ ናኣሽቱ ሰባት ዘጥቅዕ ኣእምሮኣዊ ሕማም እዩ። እዚ ምስ ግዜ እናበኣሰ ዝኸይድ ሕማም፡ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ንልዕሊ 30 ሚልዮን ዝበጽሑ ሰባት ኣጥቂዑ ይርከብ።

መድሃኒት ‘ዶናነማብ’፡ ሕማም ረሲዕ ኣብ ዝቀላቐለሉ ግዜ ምስ ዝውሰድ፡ እቲ ሕማም ምስ ግዜ ክብእስ ዘለዎ ተኽእሎ ብ39 ሚእታዊት ከምዝጎድሎ እዩ ዝሕብር ዘሎ። እዚ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣርባዕተ ሰሙናት ዝውሰድ መድሃኒት፡ ነቲ ኣብ ሓንጎል ዝፍጠር ብዕባኸ ብምጉዳል፡ ኣብ ምድንጓይ እዚ ሕማም ኣበርክቶ ከምዘለዎ፡ ኣብ’ቲ ንከባቢ ክልተ ዓመታት ኣብ ወለንተኛታት ዝተኻየደ ፈተነ ምርኩስ ብምግባር እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም። እዚ ተረኺቡ ዘሎ ወጽኢት፡ እቶም ግዳያት ንዝተናውሑ እዋን ኣብ ካልኦት ሰባት ጽግዕተኛታት ከይኮኑ ባዕሎም ንቡሮም ክመርሑ ዕድል ከምዝፈጠረሎም ጠቒሶም።

እዚ ብመንጽር ዋጋ ክቡር ምዃኑ ዝግለጽ ዘሎ መድሃኒት፡ ኣብ ገለ ወለንተኛታት፡ ምጭባጥ ወይ ደማ ምድማይ ናይ ሓንጎል ከምዘስዓበሎም ዝጠቐሰ እቲ ምምሕዳር፡ እቲ ዝህቦ ጥቕሚ ካብ’ቲ ዘውርዶ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዓዚዙ ስለዝረኸቦ ግና ኣብ ዕዳጋታት ክወርድ ፍቓድ ከምዝሃበ ኣፍሊጡ።

## “ዝተናውሐ እዋን ናብ ብከላ ኣየር ምቅላዕ፡ ጽግዕተኛ ይገብር” ተመራመርቲ

ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሚሺጋን ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ንዝተናውሐ እዋን ንብከላ ኣየር ዝተቓልዑ ብዕድመ ዓብዩቲ ሰባት፡ ኣብ ሰብ ዘለዎም ተመርኳስነት ከምዝዓቢ ተሓቢሩ።

ካብ ተሸከርከርቲ ዝትፋእ ዝተበከለ ኣየር ንጥዕና ሰናቡእ፡ ልቢ፡ ሓንጎልን ካልእ ክፋል ኣካላትን ብኣሉታ ከም ዝጸሉ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ኣብ’ዚ መጽናዕቲ ድማ፡ ንከባቢ 10 ዓመታት ንብከላ ኣየር ተሽከርከርቲ ዝተቓልዑ ሰባት፡ ብሰንኪ ኣብ ግዜ ሽምግልናኦም ዘጥርይዎ ቀስ ብቐስ ከምዕብል ዝጀንሐ ጸገማት ጥዕና፡ መዓልታዊ ህይወቶም ኣብ ምስልሳል ኣብ



ሰባት ከምርኩሱ ከምዝግደዱ እዩ ተፈሊጡ ዘሎ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ብዝሒ ብከላ ኣየር ዘለዎ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት፡ ካብ’ቶም ብከላ ኣየር ኣብ ዘይብሉ ከባቢ ዝቕመጡ ነበርቲ፡ ዝተፈላለዩ ጸገማት ጥዕና ከምዝዕበሉን ብሰንኪ’ውን ቀልጢፎም ከምዝሞቱን ሓቢሮም። ኣብ’ዚ መጽናዕቲ፡ ኣብ ልዑል ብከላ ኣየር ዘለዎ ከባቢ ዝነብሩ ሽማግለታት ብዘይካ ጽግዕተኛታት ምዃኖም፡ ብዘወረዶም ጥዕናዊ ጸገማት ልዑል ወጻኢታት ከምዝፍስሱ እውን’ዩ ዝግለጽ። በዚ ኸኣ፡ ብከላ ኣየር ብዘይካ ኣብ ጥዕና ዘውርዶ ኣሉታዊ ጽልዋ፡ ኣብ ካልኦት ሰባት ንኽትምርኩስ ስለዘገድድ፡ ብፍላይ ኣብ ልዑል ብከላ ኣየር ዝርኣየሉ ከተማታት ዓለምና ተጽዕኖ ይፈጥር ምህላዉ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ኣረዲኦም።


## ሓጐስ ዝዓሰሎ ሓዳር፡ ኣብ ምንዋሕ ዕድመ ልዑል ተራ ይጻወት!

ሕጉስ ሓዳር ዝመርሑ መጻምዲ፡ ካብ’ቶም ግጭት ዝጠዘሎ ሓዳር ዘለዎም መጻምዲ፡ ቀልጢፍካ ናይ ሙማት ዕድሎም ብ20 ሚእታዊት ዝነደለ ምዃኑ መጽናዕቲ ሓቢሩ።

ሰብ ሓዳር፡ ካብ’ቲ ምስ ስድራኦም፡ ምስ ኣዕሩኽቶም፡ ከምኡ’ውን ኣብ ማሕበራዊ ሂወቶም ዘሕልፍዎ ግዜ፡ እቲ ምስ መጻምዶም ዘሕልፍዎ ግዜ ስለዝበዝሕ፡ ጥዕናኦም ብእወታ ኮነ ብኣሉታ ክጸሉ ልዑል ተኽእሎ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ። ኣብ’ዚ መጽናዕቲ፡ ሕጉስ ሓዳር ምስ እወታዊ ጥዕና ከምዝተሓሓዝ እውን ተሓቢሩ ኣሎ።

ብዘይካ’ዚ፡ ሓድሕዳዊ ምትብባዕ ዘይብሉ ሓዳር፡ ሕማም ምስ ዘስዕብ ሆርሞን ኮርቲሶል ምትሕሓዝ ከምዘለዎ ተፈሊጡ። እዚ ከኣ፡ ኣብ ኣካላት ልዑል ዓቐን ሆርሞን ኮርቲሶል ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ፡ ምንኣስ ዕበየት ሓንጎል፡ ክረሻ፡ ሕማም መንሽሮ፡ ሕማም ልብን ምድኻም ስርዓት ተጻዋርነትን ብምስዓብ፡ ንሞት ከምዘቃላጥፍ፡ ኣብ’ቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ተሓቢሩ ኣሎ።

እዚ ኣብ ከባቢ 20 ሽሕ ዝበጽሑ ሰብ ሓዳር ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ክሳብ 90 ዓመት ዝዕድመኦም ሽማግለታት ዘሳተፈ እዩ ነይሩ። ኣብ’ቲ ወጽኢት ከኣ፡ እቶም ሕጉስ ሓዳር ዝመርሑ መጻምዲ፡ ካብ’ቶም ዘይሕጉስ ሓዳር ዝመርሑ ሰቡ-ሓዳር፡ ብህይወት ናይ ምንባር ዕድሎም ብ20 ሚእታዊት ልዒሉ ተረኺቡ። እቲ መጽናዕቲ ዕድመ፡ ዓሌት፡ ደረጃ ትምህርቲን ኣከባብን ኣብ ግምት ዘእተወ ነይሩ።



ኣሕታሚ ናይ’ቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ማርክ ዊሶማን፡ ሕጉስ ሓዳር ዘለዎም መጻምዲ፡ ኣብ ኑሓድሕዶም ጥዕና ዝህብ ቅዲ መነባብሮ ንክመርሑ ስለዘተባብዑ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ጥዕናኦም እወታዊ ኣበርክቶ ከምዝለዎ ገሊጹ። ንሱ ወሲኹ፡ ምትብባዕ ዝመልኦ ሓዳር፡ ኣብ መጻምዲ ዕጋበት ስለዝፈጥር፡ ንጥዕና ኣእምሮ ከይተረፈ ጸቡቕ ምዃኑ ኣረዲኡ። እዚ ኣእምሮኣዊ ሰላም ኮነ ሓጎስ ድማ፡ ኣብ ጥዕና መላእ ኣካላት ወዲ-ሰብ ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ እወታዊ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ወሲኹ ሓቢሩ።

ማርክ ዊሶማን ኣብ መወዳእታ፡ ዘይሕጉስ ናብራ ዝመርሑ መጻምዲ፡ ነቲ ኣብ ሓዳሮም ዝተፈጥረ ዘይምስምማዕ ብልዙብ መገዲ ክፈትሕሉን ጥዑይ ቅዲ-መነባብሮ ክመርሑሉን ዘኽእሎም ዝበሎ ሓሳባት’ዩ ሂቡ። ንሱ ከኣ፡ ኑሓድሕድካ ምትብባዕ፡ ተጉዳስነት፡ ምሕዋር፡ ሓሳባት መጻምድኻ ምስማዕ፡ ጥዕና ዝህብ ኣመጋግባ ምኽታል፡ ጸቒጢ፡ ኣእምሮ ዝጉድል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዘውታር፡ ጸገማት ክፍጠሩ ከለዉ ዘይምውቕቓስ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ብፍቕሪ ምክብባር ዝኣመሰሉ ልምድታት ብምትእትታው፡ ኣብ ጥዕናኦምን ጥዕና መጻምዶምን እወታዊ ለውጢ ከምጽኡ ከምዝኽእሉ ይመኽር።


## ዕንዲዳ ዓቕሚ ቫይረስ ከምዝዳኽም ተሓቢሩ

ኣብ ፊንላንድ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ዕንዲዳ ዝተለኸየ ፕላስቲክ፡ ዓቕሚ ቫይረስ ብቐልጢፉ ከምዝዳኽም ሓቢሮም።

ቫይረስ ኣብ ንቑጽ ጽፍሒ ንዝተናውሐ መዓልታት ንጡፍ ኮይኑ ብምጽናሕ ተኽእሎ ለበዳ የዕቢ። እዞም ተመራመርቲ፡ ቫይረስ፡ ዕንዲዳ ኣብ ዝተለኸየ ጽፍሒ ፕላስቲክ ነዊሕ እዋን ከምዘይጸንሕ’ዮም፡ ካብ’ቲ ኣብ ኮሮና ቫይረስ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ክርእዩ ክኢሎም ዘለዉ።

ንሳቶም፡ ዕንዲዳ ዝተለኸየን ዘይተለኸየን ፕላስቲክ ኣብ ምጉዳል ዓቕሚ ምልባዕ ቫይረስ ኣብ ዘወዳደሩሉ ግዜ፡ ዕንዲዳ ኣብ ዘይተለኸየ ፕላስቲክ፡ ቫይረስ ንመዓልታት ክጸንሕ ከሎ፡ ዕንዲዳ ኣብ ዝተለኸየ ጽፍሒ ግን ናይ ምልባዕ ተኽእሎ ቫይረስ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ብቐልጢፉ ክጎድል ከምዝኸኣለ ገሊጾም። ብኡ መጠን እውን ተኽእሎ እቲ ብቫይረስ ዝስዕብ ተላባዒ ሕማም ከምዝጎድል ኣፍሊጦም።

ካብ ነዊሕ እዋን፡ ባህርያውያን ጥረ-ነገራት ተጠቒምካ ብቫይረስ ዝስዕቡ ተላባዕቲ ሕማማት ንምውጋድ ፈተነታት ክካየድ ዋላ እንተጸንሐ፡ ኣብ ኣዕጋቢ ደረጃ ከምዘይተበጽሐ እዩም ክኢላታት ዝገልጹ። ኣብ መወዳእታ፡ ነዕንዲዳ ኣብ ምግታእ ብቫይረስ ዝላባዕ ሕማም ንኽንጥቀምሉ ቀጻሊ ምርምራት የድልዩ ምህላዎም እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም።



## ንኣሽቱ ዓሳታት ምምጋብ ምስ ምንዋሕ ዕድመ ይተኣሳሰር

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናጎያ - ጃፓን ብዝመደበርም ተመራመርቲ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ንኣሽቱ ዓሳታት ምስ ምሉእ ኣካላቶም ምምጋብ፡ ምስ ምትሓት ብሕማም መንሽሮ ኮነ ካልእ ሕማማት ዝስዕብ ሞት ከምዝተሓሓዝ ሓቢሮም።

ንኣሽቱ ዓሳታት ኣብ ኣመጋግባ ምዝውታር፡ ቀሊል ዝመስል ዋላ እንተኾነ ኣብ ምንዋሕ ዕድመ ግን ዘይንዓቕ ተራ ከምዘለዎ ወሲኾም ገሊጾም። እዞም ምሉእ ኣካላቶም ንመዓላ መግቢ ዝውዕሉ ንኣሽቱ ዓሳታት፡ ኣብ ርእሶም፡ ኣዕጽምቶምን ካልእ ክፋል ኣካላቶምን ማዕድናት ከም ካልሲየምን ቫይታሚን ኤይን ይርከቦም።

ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከምዝመልክትዎ፡ ብሓፈሻ ዓሳ ምምጋብ ካብ ሕማማት ከምዝከላኸል እዩ ክሕበር ጸኒሑ። ኣብ ንኣሽቱ ዓሳታት ተመርኲሶም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ውሑዳት ብምንባሮም ግና ንኣገዳስነት እዞም ንኣሽቱ እንስሳታት ባሕሪ ኣህሲሶሞ እዮም ጸኒሖም። እዚ መጽናዕቲ ልዕሊ 80 ሽሕ ጃፓናውያን ዘሳተፈ ኮይኑ ን9 ዓመታት ከኣ ቀጺሉ።

ኣብ ወርሒ ክሳብ ሰለስተ ግዜ፡ ወይ ከኣ ኣብ ሰሙን ክሳብ ክልተ ግዜ ንኣሽቱ ዓሳታት ዝምገቡ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ሕማም መንሽሮ ክሞታ ዘለወን ተኽእሎ ብመጠኑ ዝተሓተ ምዃኑ፡ እቶም ጃፓናውያን ተመራመርቲ ትዕዝብትታቶም ኣፍሊጦም ኣለዉ። ንሳቶም፡ ጥቕሚ ደቀቕቲ ዓሳታት ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ግን ከም’ቲ ዝድለ ከምዘይነጸረሎም ገሊጾም። እንተኾነ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ናኣሽቱ ዓሳታት ብምምጋብ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጥቕምታት ከምዝረኽቡ ግን ኣብሪሆም ኣለዉ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኈደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| በት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 07/07/2024 | ጐደና 173 - 18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ በት ንባብ | 127582 |
| ፋርማሲ ጺዮን | | ጐደና ፔድረት - 751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |
| ፋርማሲ ናጽነት | | ጐደና 176 - 3 ቁ.8 ከባቢ ሚኒ ትምህርቲ | 122035 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services